# ኢንድ ወጋሕታ

4ይ ዓመት ቑፅሪ 07 18 ታሕሳስ 2016 ዓ.ም ሓሙስ ብር 10.00

# ‹‹ዝሓሸት ኢትዮጵያ ንምፍጣር ስራሕትና ኣጠናኺርና ክንቕፅል ኢና››

-ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)

በሪሁ ኣረጋ

ኣዲስ ኣበባ፡- ንፀጋታትና ናብ ጭቡጥ ሃፍቲ ብምቕያር ዝሓሸት ኢትዮጵያ ናይ ምህናፅ ስራሕትና ኣጠናኺርና ክንቕፅል ኢና ክብሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ገሊፆም።

እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ነዚ ዝበሉ ኣካል ፕሮጀክት መኣዲ ንሃገር ኮይሻ ንዝኾነ ሎጅ ዝሆን ዳና ጨበራ ኣብዝሓለፈ ቀዳም መሪቖም እንትኸፍቱ 'ዩ፡፡

ኣብቲ እዋን እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ከምዝገለፅዎ፤ ኢትዮጵያ ብብዙሓት ፀጋታት ዝተዓደለት ሃገር 'ያ፤ ነዚ 'ውን ዞባ ኮንታ ዝተዓደሎ ተፈጥሮኣዊ ፀጋ ቐንዲ መርኣያ 'ዩ። ንኢትዮጵያ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምስግጋር ሰለስተ ነገራት ኣፀቢቕና ክንደሊን ክነስተውዕልን ይግብኣና።

ብልፅግና ምርኣይ ዝበሃል ነቲ ኣብ ቕድሜና ዝረኣይ ነገር ብኣግባቡ ብምምልካትን ዝሓሸ ዕድል ምህላዉ ምስትውዓልን ምኧኑ 'ዩ ዝበሉ እቶምቐዳማይ ሚኒስትር፤ ብልፅግና ምርኣይ ንዘይተዓደለ ሰብ ኣብ ፀግዑ ዘሎ ሃፍቲ ዕዳ ክኾኖ ከምዝኽእል ተዛሪቦም።

ዝተውሃቡና ፀጋታት ክንርእይ እንተዘይኽኢልና ኻልኦት ምርኣይ ዝኽእሉ ክወስዱልና ከምዝኽእሉ 'ውን ዝገለፁ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ብዙሓት ብልፅግና ምርኣይ ስለዘይተዓደሉ ኣብ ሃፍቲ ኮፍ ኢሎም ሃፍቶም

‹‹ዝሓሸት ኢትዮጵያ...ናብ ገፅ 6





ኣይተ ታገሰ ጫፎ

## እቲ ምኽክር ዕዉት ንክኸውን መራኽብቲ ሓፋሻትን እቲ ኮምሽንን ሓበራዊ ትልሚ ኣውፂኦም ክሰርሑ ይግባእ

• ኣብ ክልላት ኣምሓራን ትግራይንምፍላይ ተሳተፍቲ ንኽጅምር መተሓሳሰቢ ተዋሂቡ

ሄርሞን ፍቃዱ

ኣዲስ ኣበባ፡- እቲ ምኽክር ዕዉት ንክኸውን መራኽብቲ ሓፋሻትን እቲ ኮምሽንን ሓበራዊ ትልሚ ኣውፂኦም ክሰርሑ ከም ዝግባእ ኣፈ ጉባኤ ቤት ምኽሪ

እቲ ምኽክር ዕዉት...ናብ ገፅ 6

## ንካልኣይ ወለዶ ኢትዮጵያውያን ዝቐረበ ፃውዒት ምስ ወለዲ ምትእስሳር ንክፈጥሩ ዘኽእል 'ዩ

መሰረት ገብረዮሃንስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኣብ ወፃኢ ንዝነብሩ ካልኣይ ወለዶ ኢትዮጵያውያን ዘቕረብዎ ፃውዒት ምስ ወለዶም ምትእስሳር ንክፈጥሩ ዘኽእል 'ዩ ክብላ ሚኒስትር ቱሪዝም ኣምባሳደር ናሲሴ ጫሊ ገሊፀን፡፡

ሚኒስትር ቱሪዝም ኣምባሳደር ናሲሴ ጫሊ ፃውዒት እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ስዒቡ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃብኦ መግለፂ፤ እቲ ፃውዒት ኣብ ወፃኢ ሃገር ዝነብሩ ካልኣይ ወለዶ ኢትዮጵያውያን ብሰለስተ ዙር ናብ ሃገሮም ንክኣትዉን ምስ ወለዶምን ሃገርን ጥምረት ንክህልዎም ምንነቶም ንክፈልጡ ዘኽእል 'ዩ ኢለን፡፡

ግዜ ዕረፍቶም ስዒቡ ኣብ ሰለስተ ዙር ዝተኻየደ ፃውዒት ካብ 20 ታሕሳስ 2016 ዓ.ም ክሳብ መስከረም 2017 ዓ.ም መጨረሻ ዝካየድ ከምዝኾነ ገሊፆም፡፡

ፈላማይ ዙር ‹‹ኮኔክት ቱ ካልቸር (Connect to Culture)” ዝብል ፃውዒት 'ዩ ዝበላ እተን ሚኒስትር ፤ኣብ ወፃኢ ዝነብሩ ካልኣይ ወለዶ ኢትጵያውያን ናብ ሃገሮም ብምእታው ዝተሰርሑ ስራሕቲ ንክምልከቱን ዑደት ንክገብሩን ዝዓለም 'ዩ ኢለን፡፡

ኣብ ናይ መጀመርያ ዙር ናይ ኢትዮጵያ ሰሙን ዝብል መርሃግብሪ ከምዝካየድን ድምፅታት ኢትዮጵያ ብዙሕነት

ንካልኣይ ወለዶ ...ናብ ገፅ 6



ኣምባሳደር ናሲሴ ጫሊ

ሕቶ ኣፍደገ ባሕሪ ኢትዮጵያ ሓበራዊ ልምዓት እቲ ዞባ ማእኸል ዝገበረ 'ዩ

ገፅ 2

“ካብ መስኖ ሓጋይ 117 ሚሊዮን ኩንታል ምህርቲ ስንዳይ ንምርካብ ትፅቢት ይግበር”

- ግርማ ኣመንቴ (ዶ/ር)

ሚኒስተር ሕርሻ ፌዴራሊ

ገፅ 4

‹‹ድርቂ ዘስዕቦ ጉድኣት ንምክልኻል ዘላቒ መፍትሒ ዝኸውን ስራሕቲ መስኖ ምስፍሕፋሕ የድሊ››

-ኣይተ ኣለምብርሃን ሃሪፈ ምኽትል ሓላፊ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ

ገፅ 5

# ኣብ ክልል ትግራይ 800 ሽሕ ኲንታል ዘመናዊ ድኹዒ እናተኸፋፈለ ይርከብ

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ:- ኣብ ክልል ትግራይ ንልምዓት መስኖ ሓጋይን ንዘመነ ምህርቲ 2016/17 ዓ.ም ዝውዕል 800 ሽሕ ኲንታል ዘመናዊ ድኹዒ ንሓረስቶት እና ተዘርግሐ ምዃኑ ሓላፊ ቢሮ ልምዓት ሕርሻን ገጠርን ግዝያዊ ምምሕዳር እቲ ክልል ዶክተር ኢያሱ ኣብርሃ ኣፍሊጦም።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ፀገም ድኹዒ ከምዘየለን ሓረስቶት ካብ ወረድኦም ዝደልይዎ መጠንን ዓይነትን ድኹዒ ክጥቀሙ ከምዝኽእልን ተዛሪቦም።

ብኻልእ ወገን ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ተቛሪፁ ንዝነበረ ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ኣብ ወርሒ ለካቲት ንምጅማር ምድላው እናተገበረ ከምዝርከብ ዶክተር ኢያሱ ኣመላኺቶም።

ኣብቲ ስራሕ ልዕሊ ፍርቂ ሚሊዮን ህዝቢ ብነፃ ክሳተፍ 'ዩ ተባሂሉ ትፅቢት ከምዝግበርን ኣብ ሰለስተ ተፋሰሳት ገደባትን ካልኦት ተግባራት ዕቀባ ሓመድን ማይን ክካየዱ 'ዮም ተባሂሉ ትፅቢት ከምዝግበርን ኣፍሊጦም።



ዶክተር ኢያሱ ኣብርሃ

ከም ፅብፃብ ግዜኢ ድርቂ ዝለዓለ ጉድኣት ኣብ ዘብፅሐሎም ሰለስተ ዞባታት ጠመተ ተዋሂብዎ ዝስራሕ ስራሕ ብፍላይ 'ውን ሰብ ሰራሕ ጉድኣት ንዝበፅሖ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዳግም ንምጥያሽን ልሙዕነቱ ንምምላስን ይሕግዝ 'ዩ ኢሎም።

# ሕቶ ኣፍደገ ባሕሪ ኢትዮጵያ ሓበራዊ ልምዓት እቲ ዞባ ማእኸል ዝገበረ 'ዩ

**ኣብርሃ ሓጎስ፣ መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ:- ጉዳይ ምርካብ ኣፍደገ ባሕሪ ኢትዮጵያ ነቲ ኸባቢ ብዝተማለአ መልክዑ ብምትሕብባር ናይ ምብልፃግ ማእኸል ዝገበረን ሓቢርካ ተደጋጊፍካ ንምዕባይ ምቹው ኩነታት ዝፈጥርን 'ዩ ክብሉ ተጣባባቒ ፕረዚደንት ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ዶክተር ሳሙኤል ክፍሌ ገሊፆም።

ኢትዮጵያ ኣብ ቐይሕ ባሕሪ ዘለዋ ስትራቴጂካዊ ድሌት ዘድህበ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ሓዊሱ ሓሙሽተ ዩኒቨርስቲታት ዘዳለውዎ ዓውደ ፅንዓት ኣብዚ ሰሙን እዚ ኣብ ሰመራ ተኻይዱ፡፡

ኣብዚ ጉዳይ ኣመልኪቱ ግዜኢ ንዶክተር ሳሙኤል ክፍሌ ኣብዘነጋገሮም ከምዝገለፅዎ፤ ሕቶ ኣፍደገ ባሕሪ ኢትዮጵያ ብሓባር ናይ ምልማዕ መርህ ዝተኸተለ ምዃኑ ገሊፆም፡፡

ኢትዮጵያ ንበሪ ባሕሪ ዝቀረበትን ሰፊሕ ታሪኽ ዘለዋ ምዃናን ብምግላፅ፤ ብፍላይ ምስ ቐይሕ ባሕሪ ዝተፈለየ ናይ ታሪኽ ምትሕሓዝ ዘለዋ ምዃኑ ተዛሪቦም፡፡

ኮይኑ ግና ብዝተፈላለዩ ናይ ታሪኽ ስሕተታት ምኽንያት ብዙሕ ህዝቢ ዘለዋ ሃገር ካብ ኣዋሽ ወፃኢ ኩሎም ሩባታት ናብ ጎረቤት ሃገራት ዝኸድዋ ሃገር ኣፍደገ ባሕሪ ዘይምህላዋ ዘሕዝን 'ዩ ኢሎም፡፡

ናይ ኢትዮጵያ ወሓዝቲ ሩባታት ጎረቤት ሃገራት እናተጠቐሙ ንኢትዮጵያ ካብ ኣፍደገ ባሕሪ ምግላል ፍትሓዊ ኣይኮነን ዝበሉ ዶክተር ሳሙኤል፤ ሕቶ ኢትዮጵያ ብኣግባቡ ክፅናዕ ከምዘለዎ ጠቒሞም፡፡

ጉዳይ ምርካብ ኣፍደገ ባሕሪ ኢትዮጵያ ብምትሕብባር ነቲ ከባቢ ንምብልፃግ ምቹዕ ዕድል ዝፈጥር ምዃኑ ብምግላፅ እቲ ሕቶ ኣብ ሓባራዊ ልምዓት ዘማእኸለ ምዃኑ ኣመልኪቶም።



ዶክተር ሳሙኤል ክፍሌ

ኢትዮጵያ ንዘላቒ ልምዓትን ብልፅግናን ምስ ጎረቤት ሃገራት ብምትሕብባር ንምብልፃግ እትገብሮ ምንቕስቓስ ክድገፍ ከምዝግባእ ብምጥቃም፤ ሙሁራን ነዚ ኣጀንዳ እዚ ክደፍእሉ ኣለዎም ኢሎም፡፡

ብፍላይ ኣብቲ ጉዳይ ፅንዓትን ምርምርን ብምግባር ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ እትረኽበሉ መንገዲ ብምምልካት ምስራሕ ከምዘድሊ ብምጥቃስ፤ ብፍላይ ሙሁራን ነዚ ምግባር ሞራላዊ ግዴታ ኣለና ክብሉ ገሊፆም፡፡

ጎኒ ንጎኒ ኢትዮጵያ ኣብ ጉዳይ ቐይሕ ባሕሪ ብሓባር ናይ ምልማዕ ድሌት ከምዘለዋ ንጎረቤት ሃገራት ሓዊሱ ንማሕበረሰብ ዓለም ናይ ምርዳእ ሓላፍነት ኣለና 'ውን ኢሎም፡፡

# ኣብ ትግራይ ዘሎ ድርቂ ብዘላቒነት ንምፍታሕ ሓገዝ መንግስትን ትካላት ረድኤትን ተጣናኺሮም ክቕፅሉ ፃዊዒት ቀሪቡ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣባባ:- ኣብዚ እዋን ኣብ ትግራይ ዘሎ ከቢድ ድርቂ ብዘላቂነት ንምፍታሕ ሓገዝ መንግስትን ትካላት ረድኤትን ተጣናኺሮም ክቕፅሉ ምኽትል ሓላፊ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ኣይተ ኣለምብርሃን ሃሪፈ ፃዊዒት ኣቅሪቦም።

ኣይተ ኣለምብርሃን ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝገለፅዎ፤ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ክልል ትግራይ ድርቅን ዝተፈላለዩ ፀገማት ተደማሚሮም ሓደጋ እናብፅሑ 'ዮም፡፡ ነዚ ብዘላቕነት ንምፍታሕ ልምዓት መስኖን መካናዜሽንን ብስፍሓት ምጥቃም ወሳናይ ኮይኑ፤ እዚ ንምግባር ድማ ናይ መንግስቲ ፌደራልን ናይ ዝተፈላለያ ዓለም ለኸ ትካላት ረድኤትን ሓገዛት ተጣናኺሮም ክቕፅሉ ይግባእ ኢሎም።

ናብ 300 ሽሕ ሄክታር ዝኸውን መሬት ትግራይ መስኖ ክለምዕ ከምዝኽእል ዝተኻየዱ ገምገማት ኣለው። ስለዝኾነ ኣብ ልዕሊ ማይ ኮይንና ኢና ተደሪቕና ዘለና ዝበሉ ኣይተ ኣለምብርሃን፤ ልምዓት መስኖ ንምስፋሕ ኣብ ማይ ኢንቨስትመንተ የድሊ። እዚ ንምግባር ድማ ናይ መንግስቲ ቁርፀኝነት ዝሓትት 'ዩ ክብሉ ኣብሪሆም።

“ብተደራራቢ ጉድኣታት ምኽንያት ኣብ ምህርትን መፍራይነት ሕርሻ ሰፊሕ ኣሉታዊ ተፅዕኖ ብምብፅሑ ኣብቲ ህዝቢ ጥምየትን ፀገምን ንክህልው ገይርዎ 'ዩ” ዝበሉ ኣይተ ኣለምብርሃን፤ “ኣብ ክሊ እዚ ኮይንና 'ውን እንተኾነ ናይዞም ሓደጋ ሳዓቤናት ክንቅንስ ዘለውና ዕድላት ተጠቒምና ብፍላይ ኣብ ዓርሰ ምርከሳ መሰረት ዝገበረ ናይ ሕርሻ ስራሕቲ ንሰርሕ ኣለና።”

ብዙይ መሰረት 'ውን ክሳብ ሐዚ ብልምዓት መስኖ ክለምዕ ካብ ዘለዎ ብወሳናይ መልክዑ እናለምዐ ኮይኑ፤ብዋናነት ኣብዚ ካብ ዝለምዑ ዘለው ድማ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣሕምልቲ፣ ሽንጉርቲ፣ ዝራእቲ ዕፉንን ዓይነታት ኣዕታርን ከምዝኾኑ ኣይተ ኣለምብርሃን ወሲኾም ገሊፆም።

ንመስኖ ዝኸውን ብውስን መልክዑ ቀረብ መዳበርያን ዘርእን ከምዘሎ ዘመልከቱ ኣይተ ኣለምብርሃን፤ ኣብቲ እኹል ማይ ዘለዎ ከባቢታት ዝሓሸ ስራሕቲ ዝኸይድ ዘሎ እንተኾነ 'ውን ኣብተን ዝተዳረቃ ከባቢታት ግና ዒላታትን ግድባትን ዝኣምሰሉ ናይ ማይ ዓቅሞም ደሪቑም ስለዘለው ንስራሕቲ መስኖ 'ውን ፅዕንቶ ዝፈጥረሉ ኩነታት 'ዩ ዘሎ ኢሎም።



ኣይተ ኣለምብርሃን ሃሪፈ

ኣብ ክሊ እተን ዘለዋ ማያት ኮይንና ምስቲ ዘሎ ውሱን እታወታት ገይርና ስራሕቲ መስኖ ነንቐሳቐስ ኣለና ኢና፤ ብዝተፈላለዩ ፀገማት ዝሰኣንናዮም ምህርትታት ብውሱን መልክዕ ሓገዝ እንተኾነ 'ውን ኣብ መስኖ ንረባረብ ኣለና ኢና ክብሉ ሓቢሮም።

ብተወሳኺ ከምቲ ኣብ ክልላት ኦሮምያን ኣምሓራን ዝርአዩ ዘለው ዝተፈላለዩ ተሞክሮታት ምጥቃም መከናዜሽን ናብ ትግራይ ክመፅኡሉ ዝኽእሉ ዕድል ተዘፍጠር ብጣዕሚ ጠቃሚ ከምዝኸውን ብምሕባር፤ ኣብዚ 'ውን ድጋፍ ተዝግበር ክብሉ ኣይተ ኣለምብርሃን ኣመልኪቶም።

እቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ናይ ህላወ ሓደጋ ንምቅናስ ብመንግስቲ ፌደራል ይኹን ብኽልል ዝተሰርሑ ስራሕቲ ዘለው ኾይኖም፤ ይኹን እምበር እቲ ዘሎ ፀገምን ዝስርሑ ዘለው ስራሕትን ዝራኸቡ ኣይኮኑን። ስለዝኾነ ድጋፍ መንግስቲ ፌደራል፣ ክልላትን ዓለምለኸ ማሕበረሰብን ተጣናኺሩ ክቕፅል ተላቢዮም።

# እቲ ኮምሽን ተሳተፍቲ ኣብ ዝተፈለየለን ቦታታት ስራሕቲ ምእካብ ኣጀንዳ ክጅምር 'ዩ

**ሄርሞን ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ:- ሀገራዊ ኮምሽን ምኽክር ኢትዮጵያ ስራሕቲ ምፍላይ ተሳተፍቲ ወጊኑ ተወከልቲ ኣብ ዝተመረፁሉ ከባቢ ኣብ ቐረባ እዋን ኣጀንዳ ከም ዝእከብ ኣፍሊጡ፡፡

ወሃቢ ቃል እቲ ኮምሽን ኣይተ ጥበቡ ታደሰ ኣብ ዝሃብዎ መግለፂ ከም ዝበልዎ፤ እቲ ኮምሽን ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢ እዛ ሃገር ዝገብሮ ዘሎ ስራሕቲ ምፍላይ ተሳተፍቲ ኣጠናኺሩ ክቕፅል ‘ዩ፡፡ ኸይዲ እቲ ምኽክር ናብ ቐፃሊ ምዕራፍ ንምስግጋር ተሳተፍቲ ኣብ ዝተፈለየለን ክልላት ምድላዋት ስራሕቲ ምእካብ ኣጀንዳ እናሰርሐ ‘ዩ፡፡

ኣፍተን ተሳተፍቲ ዘይፈለያ ክልላት ድማ ስራሕቲ ምፍላይ ተሳተፍቲ ከም ዝቐፅል ብምሕባር፤ ምስዚ ጎናጎኒ ተሳተፍቲ ኣብ ዝተገበረለን ከባብታት ድማ ኸይዲ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ ክቐፅል ‘ዩ ኢሎም፡፡

ኣብ ዝተፈላለየ ከባብታት እዛ ሃገር ዝርከቡ 700 ወረዳታት ተሳተፍቲ ከም ዝፈለዩ ብምጥቃም፤ ኣብ 327 ወረዳታት ድማ ናይ ኣጀንዳ ሓሳብ ዝህቡ ተወከልቲ ከም ዝተወከሉ ገሊፆም፡፡

ብዘይካ ክልላት ኣምሓራን ትግራይን ኣብ ኩለን ክልላትን ምምሕዳራትን ከተማ ምፍላይ ተሳተፍቲ ከምዝተገበረ ብምሕባር፤ ኣብ ኽልቲአን ክልላት ስራሕቲ ምፍላይ ተወከልቲ ንምግባር ዘኽእል ቅድመ ምድላዋት እናተገበረ ‘ዩ ኢሎም፡፡

እቲ ኮምሽን፤ ዲያስፖራ ናይ ኣጀንዳ ሓሳባት ንኸዋፅኡ ከምኡ ‘ውን ኣፍቲ ምኽክር ብምስታፍ እጃሞም ከወፍዩ ንምግባር ኹነታት እናመዓራረየ ከም ዝኾነ ሓቢሮም፡፡

እቲ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ ዝካየድ ኣብ ክልላት ወይ ድማ ኣብ ከተማ ምምሕዳር ብብርኪ ፌደራልን ብዲያስፖራን ዝግበር ‘ዩ ዝበሉ እቶም ወሃቢ ቃል፤ መድረኽ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ ብብርኪ ሃገር ኣብ ዝግበር መድረኻት ዝሳተፉ ተወከልቲ ዝግበር ‘ዩ፤ በዚ ምኽንያት ድማ ብጥንቃቐ እናተሰርሐ ‘ዩ ኢሎም፡፡

ንኣጀንዳ ዝኾኑ ሓሳባት ንምሃብ ዝተወከሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ሓሳቦም ብምትእኽኻብ ምድላዋት ንኽገብሩ ድማ ፃውዒት ቐሪቡ ኢሎም፡፡



ኣይተ ጥበቡ ታደሰ

ናይ ኣጀንዳ ሓሳብ ኣለና ዝብሉ ትካላትን ውልቀ ሰባትን ሓሳቦም ነቲ ኮምሽን ብቀጥታ ምቕራብ ወይ ድማ ብኢንተርኔት፣ ብስልኪ፣ ብፖስታን ኻሊእ ተመሳሳሊ መገዲ ምቕራብ ከም ዝኽእሉ ብምግላፅ፤ እቲ ኮምሽን እስካዕ ሐዚ ካብ ዝተፈላለዩ ትካላትን ውልቀ ሰባትን ናይ ኣጀንዳ ሓሳባት እናበፅሕዎ ‘ዮም፡፡ ብተወሳኺ ድማ እቶም ኣጀንዳታት እንታይ ክኾኑ ይግበኦም ኣብ ዝብል መፅናዕቲ ንምክያድ ኣብ ምድላው ይርከብ ኢሎም፡፡

እቲ ኮምሽን ኣብ ኣድላይነት እቲ ምኽክር ናይ ሓባር ግንዛበ ንምፍጣር ዝተፈላለዩ ስራሕቲ እናሰርሐ ከም ዝፀንሐ ብምዝኽኻር፤ መራኸብቲ ሓፋሽ ግንዛበ ንምፍጣር ኣብ ምፍላይ ተሳተፍቲ ትኹረት ብምግባር ተርኦም ተፃዊቶም ‘ዮም፡፡ ንቐፃሊ ድማ ሓሳባ ብምትእኽኻብ ነቲ ኸይዲ ትኹረት ብምሃብ ምስቲ ኮምሽን ቐሪቦም ንክሰርሑ ሓቲቶም። ብፍላይ ድማ በብከባቢኡ ዝርከቡ ናይ ማሕበረሰብ መራኸብቲ ኣብ ኣድላይነት እቲ ምኽክር ዘሎ ሓባራዊ ግንዛበን ንምስኻዕ ዘለዎ ልዑል ኣበርክቶን ተገንዚቦም ኣፍቲ ጉዳይ ብትኹረት ንኽሰርሑ ፃውዒት ኣቕሪቦም፡፡

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ንዕውትነት ሃገራዊ ምኽክር ተጀሚሩ ዘሎ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ተጣናኺሩ ክቕፅል ይግባእ

ሃገርና ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ ዘይምርድዳእ እናጋጠማ ብምምፅኡ ዝተፈላለዩ ክሳራታት እናተኣናገደት መፂኣ 'ያ፡፡ ሕዚ 'ውን ካብዚ መሊኣ ኣይወፀትን፡፡ ካብዚ ንምውፃእ ሃገራዊ ምኽር ኣድላይ ምዃኑ ተኣሚንሉ ኮምሽን ሃገራዊ ምኽክር ብምጥያሽ ኣብዚ ጉዳይ እዚ እናሰርሐትሉ ትርከብ፡፡

እቲ ኮምሽን ሃገራዊ ምኽክር ኣብ ኣድላይነት እቲ ሃገራዊ ምኽክር ናይ ሓባር ግንዛበ ንምፍጣር ዝተፈላለዩ ስራሕቲ እናሰርሐ መፂኡ 'ዩ፡፡ ኣብዚ ጉዳይ እዚ መራኸብቲ ሓፋሻት ኣብ ኣድላይነት እቲ ሃገራዊ ምኽክር ኣድሂበን ኣብቲ ሕብረተሰብ ግቡእ ግንዛበ ንምፍጣር ተረኢን እናተፃወታ መፂአን 'የን። ሕዚ 'ውን ግቡእ ግንዛበ እናፈጠራ ይርከባ፡፡

እዚ ኮሙሽን ዝተፈላለዩ ስራሕቲ እናሰርሐ መፂኡ ሕዚ ኣብ ሓደ ሓደ ቦታታት ተሳተፍቲ ምፍላይ ጀሚሩ ኣሎ፡፡ ከምኡ 'ውን ተሳተፍቲ ኣብዝተፈለየሎም ከባቢታት ኣጀንዳ ናይ ምእካብ ስራሕቲ ንምጅማር ተሰናዲኡ ኣሎ፡፡

ተሳተፍቲ ኣብዝተፈለየሎም ከባቢታት ሓሳባት ንምእካብ ቅድመ ምድላዋት እናገበረ ምስዝርከብ ጎኒ ንጎኒ ተሳተፍቲ ዘይተፈለየሎም ከባቢት 'ውን ተሳተፍቲ ናይ ምፍላይ ስራሕቲ እናሰርሐ 'ዩ፡፡ ኣብዞም ከባቢታት እዚኦም ተሳተፍቲ ድሕሪ ምፍላይ ሓሳብ ናይ ምእካብ ስራሕቲ ከምዝስራሕ እቲ ኮሙሽን ኣፍሊጡ 'ዩ፡፡ እዚ ከይዱ እዚ ሽትኡ ክወቕዕ ድማ ሕብረተሰብ ዝጀመሮ ንቑሕ ተሳትፎ ኣጣናኺሩ ክቕፅል ትፅቢት ይግበረሉ፡፡

ብዘይ ንቑሕ ተሳትፎ ሕብረተሰብ እቲ ሃገራዊ ምኽክር ክሳኻዕ ስለዘይኽእል ክንዲዝተኽኣለ መጠን ልዑል ተሳትፎ ኣዝዩ ወሳኒ 'ዩ፡፡ ሓሳብ ዝህቡ ተወከልቲ ምስተፈላዩ ዝተፈላለዩ ሓሳባት ክእከቡ 'ዮም። እቶም ሓሳባት ኢትዮጵያ ዘጋጠማ ፖለቲካዊ ፀገም ንምፍታሕ ከምዝሕግዙ ድማ ትፅቢት ይግበር፡፡

ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ማለት ኣብ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ኣብ ደገ ዝርከብ እዚ ሃገራዊ ምኽክር ጉዳዩ ምዃኑ ተረዲኡ ንቑሕ ዝጀመሮ ንቑሕ ተሳትፎ ኣጣናኺሩ ክቕፅለሉ ኣለዎ፡፡ ኣብቲ ምኽክር ብንቕሓት ብምስታፍ ሃገራዊ ግዴትኡ ክዋፃእ ኣለዎ፡፡ እቲ ኮሙሽን ማሕበረሰብ ዲያስፖራ 'ውን ተሳታፋይ ምእንቲ ክኾውን ኩነታት እናመቻቸወ 'ዩ ዝርከብ፡፡ ብምዃኑ ማሕበረሰብ ዲያስፖራ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ንቑሕ ተሳትፎ ክገብር ኣለዎ፡፡

እቲ ምኽክር ኣብ ውሽጢ ሃገር ንዝርከቡ ዜጋታት ጥራሕ እንተይኮነ ዘሳትፍ ኣብ ደገ ዝርከቡ ዜጋታት 'ውን ንቑሕ ተሳፍቶ ክገብሩ ዝተፈላለዩ ፃዕርታት እናካየደ 'ዩ ዝርከብ፡፡ ተጀሚሩ 'ውን ኣሎ፡፡ እቲ ዲያስፖራ ድማ እዚ ዕድል እዚ ከየምልጠሉ ብዝግባእ ክጥቐመሉ ይግባእ፡፡

እቲ ኮሙሽን ንኹሉ ብምስታፍ ዝተዋሃቦ ሓላፍነት ብግቡእ ንምውፃእ ብዝለዓለ ደረጃ ኣብ ዝሰርሐሉ ንሕና ኢትዮጵያውያን ድማ ናተይነት ተሰሚዑና ኣብ ጎኒ እቲ ኩሙሽን ኮይና ሃገራዊ ሓላፍነትና ክንዋፃእ ይግበአና፡፡

ብዘይ ንቑሕ ተሳትፎ ሕብረተሰብ እቲ ሃገራዊ ኮሙሽን ጥራሕ ዘምፅኦ ውፅኢት ስለዘየለ ኩልና ልዑል ዋጋ ክንህቦ ይግበአና፡፡ እቲ ኩሙሽን ካብ ትካላት፣ ውልቀሰባት ብቐጥታ ወይ ብስልኪ፣ ኢንተርኔት ዝመሳሰሉ ሓሳባት ከምዝቕበል ገሊፁ 'ዩ፡፡ ስለዚ ንሕና ብዝጠዓመና ተሳተፍቲ ክንኸውን ይግባእ፡፡

ኣብ ደገ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ማለት ኣብ ኤስያ፣ ኣውስትራልያን ኒውዘላንድን ዝነብሩ ኢትዮጵያውያንን ትውልደ ኢትዮጵያውያንን ምዝታይ ተጀሚሩ ኣሎ፡፡ ማለት ኣብቲ ሃገራዊ ምኽክር ክህልዎም ዝግባእ ተሳትፎን ክገብርዎ ዝግባእ ድጋፋትን ዘተ ተገይሩ 'ዩ፡፡ እዚ ተጣናኺሩ ክቕፅል ይግባእ።

እዚ ሃገራዊ ምኽክር ዘለውና ፀገማት ንምፍታሕ ዘለዎ ግደ ልዑል ምዃኑ ተረዲእና ንሕና ኢትዮጵያውያን ካብቲ ዝገጠመና ፖለቲካዊ ዘይምርድዳእ ወፂእና ስለ ሃገራዊ ሓድነት ክንሓስብ ኣብ ሓበራዊ ምርድዳእ ክንበፅሕ ናይ ግድን 'ዩ፡፡ ስለዚ እዚ ዕላምኡ ክወቕዕ ኣብ ዝሃለና ንሃሉ ንሕና ኢትዮጵያውያን ጀሚርናዮ ዘለና ንቑሕ ተሳትፎ ኣጣናኺርና ክንቕፅለሉ ትፅቢት ይግበረልና፡፡


## ወጋሕታ

ኢፕድ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል ፡- epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቐበሊ ምልሳይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ፡፡ ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ ኣይኮኑን፡፡

## ኣብ ናይ ክረምቲ ዝናብ ጥራሕ ተንጠልጢልካ ብድርቂ ዝመፅእ ጉድኣት ከትፃወር ኣይትኽእልን

**መኣርግ ገ/ሄር**

ድርቒ ማለት እንታይ ማለት 'ዩ? እንታይ ዓይነት ጉድኣት ከ የስዕብ? ብኸመይ ከ ክንከላኸሎ ንኽእል? ዝብሉ ሓሳባት ናብ ሓንጎልካ ምምፅኦም ኣይቐርን፡፡ ድርቒ ማለት ኣብ እዋን ክረምቲ ማይ እንተይወቐዐ ምሕላፍ ማለት ጥራሕ ኣይኮነን። ድርቒ ማለት ኣብ እዋን ክረምቲ ወይ ሓጋይ ንነዊሕ እዋን ማይ ከይወቐዐ ምፅናሕ ማለት 'ዩ። ወይ ድርቂ ማለት ሕፅረት ዝናብ ማለት 'ዩ። እዚ ድማ ሳይነስ ከምዝሕብሮ ብምልውዋጥ ነባሪ ኣየር ዝመፅ 'ዩ። ድርቂ ዝተፈላለየ 'ዩ፡፡ ንነውሕ ዝበለ ግዜ ወይ ንሕፅር ዝበለ ግዜ ክፀንሕ ይኽእል 'ዩ። ብፍላይ ምስ ዝነውሐ ግዜ ሰፊሕ ጉድኣት ከስዕብ ይኽእል 'ዩ፡፡

እዚ ተፈጥሮኣዊ ኩነታት፣ ሙሉእ ብሙሉእ እኳ ምክልኻል ዝኸብድ እንተኾነ ዳግመ ግረባ ብምክያድ፣ ግድባት ብምግዳብ ማለት ማይ ገዲብካ ብምሓዝ በቲ ድርቒ ዝጠፍእ ህይወት ሰብን እንስሳትን ምቅናስ ወይ ምድሓን ይከኣል 'ዩ። ድርቒ ዝፃወሩ ኣግራባት መሪፅካ ምግራብ ድማ ዝናብ ንምስሓብ ስለ ዝጠቕም ክንሰርሐሉ ይግባእ። ሰፋሕቲ ቦታታት ብኸምዚኦም ክንሽፍኖም እንተኽኢልና ዝናብ ብምስሓብ ድርቒ ከንቅንስ ንኽእል ኢና፡፡ ብፍላይ መንግስቲ ዘካይዶ ዘሎ «ሓምላዋይ ዓሻራ ፕሮግራም» ተጣናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ፡፡ ምኽንያቱ ዝናብ ንምስሓብን ፍግረመሬት ንምክልኻልን ዘለዎ ግደ ቐሊል ዝበሃል ኣይኮነን። ኣብ ናይ ክረምቲ ዝናብ ጥራሕ ተንጠልጢልካ ብድርቒ ዝመፅእ ጉድኣት ምክልኻል ስለ ዘይከኣል ኣቐዲምካ ዓበይቲ ግድባት ብምስራሕ ነቲ ጉድኣት ንምቕናስ ክስራሕ ኣለዎ፡፡ ኣብ እዋን ክረምቲ ዝወቕዕ ማይ ኣቀዲምና ዓበይቲ ግድባት ብምስራሕ ዓጊትና ብምሓዝ ብድርቒ ዝመፅእ ጉድኣት ብተወሰነ መልክዑ ክንከላኸል ንኽእል ኢና፡፡ እዚ እቲ ቐንዲ ጉዳይ 'ዩ፡፡ ተዘይኮይኑ ብናይ ክረምቲ ዝናብ ጥራሕ፣ ንዘጋጥም ድርቒ ከትፃወሮ ኣይትኽእልን፡፡ «ውሕጅ እንተይመፀ መገዲ ውሕጅ ፅረግ» ከምዝበሃል ኣቐዲምካ ግድባት ብምድላው ካብ ሰማይ ዝነጠበት ማይ ምሓዝ የድሊ። ካብ ኢትዮጵያ ዝሓሸ ዝናብ ዘይረኽባ ሃገራት ብድርቅን ሕፀረት ምግብን ዘይተጠቕዓ ኮይኑ ግና ሃገርና ብድርቒ ከትጥቓእ ንርኢ፡፡ ንምንታይ በዚ ትጥቓዕ እንተይልና እቲ ፀገም ተፈጥሮ ሃፍቲ ብኣግባቡ ብዘይምጥቃምና 'ዩ።

ቐልጢፎም ዝባፅሑ ዝራእቲ ምጥቃም 'ውን ተመራፂ እኳ እንተኾነ እቲ ዋና ግና ዳግመ ግረባ ምክያድን ግድብ ምስራሕን 'ዩ፡፡ ድሕሪኡ ሕፅረት ዝናብ እንተጋጥም ኣብ መስኖ ቐላሕታ ገይርካ ብምስራሕ ህዝብኻን እንስሳትካን ምምጋብ ትኽእል ኢኻ፡፡

ንኣብነት ሕዚ ኣብ ትግራይ ኣጋጢሙ ዘሎ ድርቒ እቶም ልዕል ኢለ ዝጠቐስክዎም ብዘይምስረሖም ህዝቢ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ጥሜት ይርከብ፡፡ ኣብ ትግራይ ኣብ ሰለስተ ዞባታት ሕፅረት ዝናብ ብዘጋጠመ ስዒቡ ሰባትን እንስሳትን ዝስተ ማይ ብምስኣን ኣብ ከቢድ ሓደጋ 'ዮም ዝርከቡ፡፡ እኹል ግድብ ተዝህሉ ነይሩ ኣሕምልትን ካልኦት ቐልጢፎም ዝባፅሑ ዘራእቲን ብምፍራይ ከምኡ 'ውን እታዎታት ሕርሻን ብምጥቃም ነቲ ሓደጋ ምቕናስ ንተኽኣለ ነይሩ። ከምዝፍለጥ ሎሚ ዘበን ሕርሻ ትግራይ ብዘይካ ኣብ ክልተ ዞባታት ሰሜን ምዕራብን ማእኸላይ ዞባን ኣብ ከባቢታት ዞባ ምብራቕ፣ ደቡብን ደቡብ ምብራቅን ሰለስቲኣን ከባቢ ኣብ ሓደጋ ድርቂ 'የን ዝርከባ፡ ፡

ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ኣብቲ ከባቢ ሕፅረት ዝስተ ማይ ስለዘጋጠመ ሰብን እንስሳትን ዝፅገምሉ ኩነታት 'ዩ ዘሎ ጥራሕ እንተይኮነስ ምስቲ ዝነበረ ኩናት ተደማሚሩ እቲ ጥሜት ኣዝዩ ከቢዱ ናብ ሞት ተሳጊሩ ይርከብ። ኣብ ሰለስተ ዘቦታት ዝርግሐ ዝናብ ምቁርራፃት ብምንባሩ ምኽንያት ብሕሩሶም ዝተረፉ ዘይተዘርኡ መሬታት ኣጋጢሞም 'ዮም፤ ከምኡ 'ውን ተዘሪኦም መብቆሊ ዝናብ ዘይረኸቡን ተዘሪኦም ዝበቖሉ ድማ ብሕፅረት ዝናብ ናብ ፍረ ዘይበፅሑን ከምዘለዉ ቢሮ ሕርሻ ክልል ትግራይ ሓቢሩ 'ዩ፡፡

ኣብ ትግራይ በቢእዋኑ ዘጋጥም ዘሎ ድርቂ ዝተፈላለዩ ግድባት በቢኸባቢኡ ድርቂ ንምክልኻል ብዘኽእል መልክዑ እንተዘይተሰሪሖ ጉድኣቱ ከቢድ 'ዩ፡፡ ግድባት በቢኸባቢኡ እንተተገዲቦም እሞ ድማ ኣብ ሓፂር እዋን ክባፅሑ ዝኽእሉ ኣዝርእቲ ከም ዓተርን ሳዕሳዕን(ስገም) ዝበሉ ትኹረት ገይርና እንተሰሪሕና ካብቲ ሓደጋ ብተወሰነ መልክዑ ክነምልጥ ንኽእል ኢና።

> **ኣብ ናይ ክረምቲ ዝናብ ጥራሕ ተንጠልጢልካ ብድርቒ ዝመፅእ ጉድኣት ምክልኻል ስለ ዘይከኣል ኣቐዲምካ ዓበይቲ ግድባት ብምስራሕ ነቲ ጉድኣት ንምቕናስ ክስራሕ ኣለዎ**

እዚ ተዘይኮይኑ እቲ ዝሓሸ መፍትሒ፣ ካሊእ መፍትሒ የለን፡፡ ሰብኣዊ ሓገዝ ንግዚኡ እምበር ነባሪ መፍትሒ ከምፅእ ኣይኽእልን፡፡ ህዝቢ ክሳብ መዓዝ ኣብ ሶፍትኔት ፕሮግራም ክቅፅል ይኽእል? መንግስቲ ህዝቡ ብምትሕብባር ኣብዞም ዝጠቐስክዎም ትኹረት ሂቡ ህዝቡ ኣተሓባቢሩ ክሰርሕ ይግባእ፡፡ ትግራይ ኣብ ልምዓት መስኖ ግቡእ ቐላሕታ ሂባ እንተዘይሰሪሓ ፈፂማ ካብ ተፀባይነት ረዲኤት ከትወፅእ ኣይትኽእልን። ኣብ 2015 ዓ.ም ኣዝዩ ብርቱዕ ዝናብ ዝነበሮ ክረምቲ ሓሊፉ ነይሩ። እቲ ዝሓለፈ ዝናብ ግና ግድብ ሰሪሕና ብዘይ ምሓዝና ሕዚ ኣብ ከቢድ ፀገም ጥሜት ኣለና። ከም ዝፍለጥ ትግራይ ብዙሕ ሓባጥ ጎባጥ መሬት ዘለዋ ክልል ብምዃና ትሑት ዝሕረስ መሬት 'ዩ ዘለዋ። ብምዃኑ መስኖ እንተዘይተወሲኽዎ ብናይ ክረምቲ ዝናብ እኹል እቶት ከትረክብ ኣይትኽእልን፡፡

ብመንፅር ዞባታት እንትርአ ንምስኖ ዝሓሸ መሬት ዘለወን ከም እኒ ዞባ ደቡብ ምብራቅን ደቡብን እንትኾና ኮይኑ ግና ብመስኖ ክሽፈን ዝግበኦ መሬት ክንድትዝድለ ኣይተሸፈነን፡፡ እተን ዘለዋ መስኖ ብዝግባእ ከፍርያ ናይ ዘርእን መዳባርያን ኣቕርቦት ብዝሓሸ ብርኪ ክቐርበለን ክኽእል ኣለዎ፡፡ ብቴክኖሎጂ ዝተደገፈ 'ውን ክኸውን ይግባእ፡፡

እዞም ኩሎም ብዘይምግባሮም ኣብ ህዝቢ ኣጋጢሙ ዘሎ ድርቒ ናብ ከቢድ ጥሜት ተሰጋጊሩ ከቢድ ጉድኣት እናብፀሐ ይርከብ፡፡ ጥሜት ድማ ግዜ ዝህብ ኣይኮነን፡ ፡ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ኩሉ ዓቅሚ ዘለዎ ትግራዋይ ይኹን ፈታዊ ትግራዋይ ዝኸኣሎ ክሕግዝ ይግባእ፡፡ ኣብዚ ገበርቲ ሰናያት ቀሊል ዘይበሃል ሓገዛት ይገብሩ ኣለዉ 'ዮም። ዝገብርዎ ዘለዉ ሓገዞም ድማ ኣጣናኺሮም ክቕፅሉ ይግባእ፡፡

ብሓፈሻ ፀገም ሕርሻ ትግራይ ብትግራዋይ እምበር ብኻሊእ ክፍታሕ ኣይኽእልን፡፡ ስለዝኾነ ኩሉ ትግራዋይ ኣብፍቶም ዝተጠቐሱ ተዋዲዱ ክሰርሕ ኣለዎ፡፡ ተሳትፎ መንግስቲ ፌደራልን ካልኦትን ኣየድልዩን ማለት ኣይኮነን። ኩሉ ዝኸኣሎ ክረባረብ ዋላ እኳ እንተተገበአ እቲ ቐንዲ ግና ህዝቢ ትግራይ 'ዩ። ስለዚ ውሕጅ እንተይመፀ መንገዲ ውሕጅ ፅረግ ስለ ዝኾነ ኣቐዲምና ንኹሉ ምድላው ክንገብረሉ ይግባእ፡፡

# እዋናዊ ዛዕባ

# “ካብ መስኖ ሓጋይ 117 ሚሊዮን ኩንታል ምህርቲ ስንዳይ ንምርካብ ትፅቢት ይግበር”

**-ግርማ ኣመንቴ (ዶ/ር) ሚኒስተር ሕርሻ ፌዴራኢ**

**ኣብርሃ ሓጎስ፣ መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ብዋናነት ኣብ ዘፈር ሕርሻ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ስፍሕ ዝበሉ ከምዝኾኑ ይፍለጥ። ይኹን እምበር በዚ ዘርፍ ሕርሻ ብፍላይ ብመስኖ ሓጋይ ዕውት እንትኾን ኣብ ኣቕርቦት ማዳበሪያ ድማ ፈተና ከምዝነበረ ዝፍለጥ 'ዩ፡፡ ኣብዚ እዋን እዚ ፈተና ብኸንደይ ዝኣክል ተቐሪፉ? ዝብል ሓዊሱ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ኣፈፃፅማ ዘፈር ሕርሻ እንታይ ይመስል? ኣብ ዝብል ዛዕባ ናይ ሎሚ ጋሻና ዝኾኑ ናይ ኢፌዴሪ ሚኒስትር ሕርሻ ግርማ ኣመንቴ (ዶ/ር) ካብ ዝሃቡና ሰፊሕ መብርሂ ዝተወሰነ ከምዝስዕብ ኣቀሪብናና ኣለና ሰናይ ንባብ :-

**ትፕኢ:- ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ኣብ ዘፈር ሕርሻ ብዋናነት ዘርፍታት ሕርሻ ዝተሰርሑ ስራሕቲ እንታይ ይመስሉ?**

**ግርማ (ዶ/ር):-** ኣብ ናይ ዓሰርተ ዓመት መሪሕ ትልሚ ዘሎ ማእኸላይ ዓመታዊ ምህርቲ ሕርሻ ብሽዱሽተ ሚእታዊ ንክዓቢዩ 'ዩ። ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ዘሎ ማእኸላይ ውፅኢትና እንንወስድ ሽዱሽተ ብሚእቲ ዝኸውን ዓመታዊ ምህርቲ ሕርሻ ኣመዝጊቡ 'ዩ። እዚ ድማ ብኣፍሪካ ካብ ዝተቀመጠ ሽቶ ፕሮግራም ዕብየት ሕርሻ እንትርአ ተመሳሳሊ 'ዩ ምባል ይከኣል። ሕርሻ ንክዓቢ ትፅቢት ዝግበረሉ ሽዱሽተ ብሚእቲ 'ዩ።

ነዚ ዓወት ዝሓለፉ ዓመታት ኾነ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ኣብ ዋና ዋና ዘፈራት ሕርሻ ዝተሰርሑ ስራሕቲ እንርኣዩ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ከምዝፍለጥ ዓብዪ ስራሕና ናይ ቀውዒ እዋን ስራሕቲ 'ዩ፡፡ ዝሓለፈ በጀት ዓመት ኣብ ቀውዒ ብፍላይ ኣብ ራብዓይ ርብዒ ዓመት ተሓራሲ መሬት ስራሕቲ ምድላውን ምዝራእን ዝተሰርሑ እንትኾነ ' ውን እቲ ምህርቲ ምንክብኻብ ተገይርሉ ናብ ምእካብ ዝመፅእ ኣብዚ ዓመት ምስ ምኧኑ ተተሓሒዙ ኣብ ቀውዒ 17 ነጥቢ 5 ሚሊዮን ሄክታር መሬት ብፍላይ ኣብ ግራታት ኣናእሽተይ ሓረስቶት ዝተዘርአ 'ዩ፡፡ ኣብዚ ውሽጢ ናብ ሸሞንተ ነጥቢ ሽዱሽተ ሚሊዮን ሄክታር ብኹታ ገጠም ሕርሻ ዝተዘርአ 'ዩ፡፡

ናይ ቀውዒ ሕርሻ ኹታ ገጠም እንሰርሖ ናብ 50 ሚኢታዊ ዝኸውን ኣብ ኣናእሽተይ ግራውቲ 'ዩ፡፡ እዚ ድማ ሕርሻና ብኹታ ገጠም እናተሰርሐ ምኳኑ ዘመላኽት እንትኾን፤ እዚ ድማ ብጣዕሚ ዓብዪ ዕብየት 'ዩ። ናይ ኹታ ገጠም ሕርሻ ክንወስድ ከለና እቲ ሓረስታይ ብሓደ ተወዲቡ ቴክኖሎጂ ብምጥቃም ዓርሱ ብዓርሱ ብመንፅር ምምህሃር ረብሓ ዘለዎ 'ዩ፡፡ ስራሕቲ ሕርሻ ሜካናይዜሽን ካብ ምግባርን እቲ ሓረስታይ ናይ ቴክኖሎጂ ተበፃሒ ምስ ምግባር ተተሓሒዙ ብጣዕሚ ዓብዪ ለውጢ ዝመፅኣሉ 'ዩ ኢልና ምውሳድ ንኽእል።

ናብ ኣርባዕተ ሚሊዮን ሄክታር ዝኸውን መሬት ብሜካናይዜሽን ዝተሓረሰ 'ዩ፡፡ እዚ ምስ ዝሓለፈ ዓመት እንትነፃፀር ናብ ሓደ ሚሊዮን ሄክታር ተወሳኺ ዘለዎ 'ዩ። እቲ ዝተዘርአ ስራሕቲ ምንክብኻብ፣ ፀረ ባልዕ ከሚካላት ብስፍሓት እናተሰርሖም ነይሩ 'ዩ። ከምዝፍለጥ ዝሓለፈ ዓመት ናይ ኣንበጣን ባርኖስን ዝተረኣይሉ 'ዩ ነይሩ። ባርኖስ እንትበፅሕ ድማ ወራር ዕስለ ኣዕዋፍ ፀገም ነይሩ። እዞም ፀገማት ብጣዕሚ ብዝተዋደዱ ኩነታት ሰፊሕ ጉድኣት ከየብፅሑ ናይ ምክልኻል ስራሕቲ ተሰሪሑ 'ዩ፡፡

ኣብ 17 ነጥቢ ሓሙሽተ ሚሊዮን ሄክታር መሬት ዝተዘርኡ ምህርቲ ኸይዲ ምእካብ ንርከብ፡፡ ኣብዚ እዋን ተኣኪቡ ዝተጠቓለለ እንተዘይኾይነ 'ውን ክሳብ ሐዚ ናብ 11 ነጥቢ ትሽዓተ ሚሊዮን ሄክታር ከባቢ ምእካብ ምህርቲ ተኻይዱ 'ዩ፡፡

ምህርቲ ኣብ ዝበፅሐሎም ቦታታት ዝወሰድናዮ ግምት ልዕሊ 12 ነጥቢ ሓሙሽተ ሚሊዮን ሄክታር ኣካባቢ 'ዩ። ስለዝኾነ ሐዚ ዘሎ 11 ነጥቢ ትሽዓተ ሚሊዮን ብጣዕሚ ብእኹል ኩነታት ዝበፅሑ ምህርቲታት እናተኣከብሉ ዘሎ ኩነታት ዘርኢ 'ዩ። ብፍላይ ኣብ ዝሓለፉ ወርሕታት እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ምስ ምህላው ኣንፃር ናይ ሓረስታይ ምህርቲ ንምእካብ ካልኦት ሕብረተሰብ ክፍልታት ብምንቅቓሕ ምህርቲ ንክእከብ ፃዕሪ ይግበር ነይሩ'ዩ፡፡

ምህርቲ እንትስብሰብ ብክልተ ኩነታት 'ዩ፡፡ ሓደ ብባህላዊ መንገዲ እንትኾን፤ ካልኣይ መካናይዝድ ብዝኾነ መንገዲ 'ዩ። ብፍላይ ብባህላዊ መንገዲ ዝእከብ ዘሎ ሓረስታይ ኣኪቡ፣ ወቂዑን ኣእትዩን ክሳብ ዝረጋገጽ ዝተወሰነ ግዜ ክወስድ ይኽእል፡፡ ይኹን እምበር ብሜካናይዜሽን ዝስብሰብ ጊዜ ቀጣቢ እንትኾን፤ ክሳብ ሐዚ ዝተዘበጠ ናብ 11 ሚሊዮን ኩንታል ምህርቲ 'ዩ፡፡ እዚ ማለት ኣብዝሓ ምህርቲ ዝእከብ ብባህላዊ ምኳኑ ዝተዓፀደ ኩሉ ናብ ምህርቲ ተቐይሩ ማለት ኣይኮነን። ብሓፈሻ ካብ ቀውዒ ምህርቲ እንፅበዮ ናብ 513 ሚሊዮን ኩንታል 'ዩ፡፡

**ትፕኢ:- ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ውሽጢ ብስፍሓት ዝተጀመረ ስራሕ ሓደ ናይ ሓጋይ መስኖ 'ዩ እሞ፤ ኣብዚ እንታይ ይስራሕ ኣሎ?**

**ግርማ (ዶ/ር):-** ካልኣይ ዘልዕሎ ነጥቢ ናይ ሓጋይ መስኖ 'ዩ፡፡ ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ውሽጢ ብስፍሓት ካብ ዝጀመርናዮም ስራሕቲ ሓደ መስኖ ሓጋይ 'ዩ። እዚ ብክልተ ዝኽፈል ስራሕ 'ዩ። ሓደ ስንዳይ መስኖ ሓጋይ እንትኾን፤ እቲ ኻልኣይ ድማ ስራሕቲ ኣትኽልትን ፍራምረን 'ዩ።

ናይ ሓጋይ መስኖ ብዝምልከት ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ሚሊዮን ሄክታር ብስንዳይ መስኖ ተሸፊኑ 'ዩ። ኣብዚ እዋን ድማ ሰለስተ ሚሊዮን ሄክታር ስንዳይ ንምሽፋን ተሊምና ኣለና። ካብዚ እንፅበዮ ናብ 117 ሚሊዮን ኩንታል ምህርቲ 'ዩ። ሐዚ ክሳብዚ ሰሙን ዘለና ሓፈሻዊ ዕብየት እንትርኣይ ናብ ክልተ ነጥቢ ኣርባዕተ ሚሊዮን ሄክታር መሬት ተሓሪሱ ድልዊ ኮይኑ 'ዩ፡፡ ካብዚ ውሽጢ ድማ ናብ ሓደ ነጥቢ ትሽዓተ ሚሊዮን ሄክታር በዘርኢ ተሸፊኑ 'ዩ፡፡

እዚ ዓሚ ኣብ ናይ ሓጋይ መስኖ ካብ ዝሰራሕናሉ ቅልጣፈ ኣንፃር እንትርአ ብጣዕሚ ቅልጡፍ 'ዩ። ከምዝፍለጥ እቲ መሬት ናብ መስኖ ዝሰጋገር እቲ ዝቀደመ ምህርቲ ተዓፂዱ እንትእከብ 'ዩ። ስለዝኾነ በዚ ኣንፃር ክልተ ነጥቢ ኣርባዕተ ሚሊዮን ሄክታር ሓሪስና ካብ ምድላው ኣንፃር ዝተኸደ ርሕቀት ሰለስተ ሚሊዮን ሄክታር ንምሽፋን ብዙሕ ዘፀግመልና ከምዘይከውን 'ዩ።

ብዙሕ ግዘ ዛዕባ ስንዳይ እንትልዓል ሓቢሩ ዝልዓል ነገር ካልኦት ስራሕቲ ኣትኽልትን ፍራምረን ብምዝንጋዕ ዶ ይስራሕ ይኸውን ዝብል ስግኣት 'ዩ። ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ኣዋርሕ 652 ሽሕ ሄክታር ንምሽፋን ተሊምና ናብ 460 ክንሽፍን ክኢልና ኢና። እዚ ማለት ናይቲ ትልሚ 80 ብሚእቲ ከባቢ ከም ማለት 'ዩ። እዚ ማለት ኣትኽልቲ፣ ፍራምረ፣ ስራሱርን ካልኦት ሓዊሱ ዝስራሕ 'ዩ፡፡ ስለዝኾነ ስራሕቲ ስንዳይ ብመስኖ ከምዝስራሕ ኩሉ ኣብ እዋን ሓጋይ ስራሕቲ ኣትኽልትን ፍራምረን ብኡ ልክዕ እናሰራሕና ኢና።

**ትፕኢ፡- ኣብ ውሽጢ ግብርና ካብ ዝካተት ዘፈር እቲ ሓደ እንስሳትን ዓሳን 'ዩ ካብዚ ኣንፃር እናተሰርሐ ዘሎ ተግባር እንታይ 'ዩ?**

**ግርማ (ዶ/ር)፡-** ካብ ሕርሻ፣ተኽልታትን ፍራፈርን ምህርቲ ብዝሓለፈ እቲ ካልኣይ ዓብይ ዘፈር ግብርና ዘፈር ሃፍቲ እንስሳትን ዓሳን 'ዩ፡፡ በዚ ዘፈር ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝጀመርዎ ናይ «ሌማት ትሩፋት» ስራሕ ይርከብ፡፡ ብፍላይ ድማ ፀባ፣ ማዓር፣ ዶርሆን እንቋቑሖን ብስፍሓትን ብብዝሓትን ተበፃሒ ምስ ምግባር ተተሓሒዙ ዝተሰርሐ ስራሕ 'ዩ፡፡ ብመንፅር እዚ ምህርቲ ቁፅርታት ከምዘሪእዎ ብፀባን ማዓርን ከምኡ 'ውን ብዶርሆን እንቋቑሖን ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ዝተለምናዮም ትልምታት ሙሉእ ብሙሉእ ምባል ብዘኽእል መገዲ ዕውት ኾይኖም 'ዮም፡፡

እዚ ንምስኻዕ ዘመላኽት እቲ ሓደ ከም መርኣያ እንወስዶ ኣብ ዝቐርቡ እታዎት ዝግበር ኽትትል ብጣዕሚ ሰፊሕ ምኳኑ 'ዩ፡፡ ኣታዊ እንድሕር ዘየሃልዩ ውፅኢት ኣይህሉን፡፡ ካብዚ ውሽጢ እቲ ሓደን ዋናን ብፍላይ ልምዓት ደርሆ ሓንቲ ጫቓዊት ደርሆ ንሓረስታይን ኣርባሓይን ተበፃሒ ምስ ምግባር ተተሓሒዙ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ሙሉእ 42 ሚልየን ዝኣክል ሰሪሕና ኢና፡፡ ናይ ሎሚ ዓመታዊ ትልምና 62 ሚልየን 'ዩ፡፡ እዚ ምስቲ ዋና እንትንሪኦ ብ20ሚልየን ዝዓበየ 'ዩ፡፡

ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ንምስራሕ ዝሓሰብናዮ 25 ሚልየን 'ዩ፡፡ ካብዚ ውሽጢ ኸዚ 29 ነጥቢ ሓሙሽተ ሚልየን ሰሪሕና ኢና፡፡ እዚ ብጣዕሚ ዓብይ ዕብየት 'ዩ። ካብ ዓሚ ትልሚ ክነናፃፅር ከለና ኣብ ፍርቂ ዓመት ናይ ዝሓለፈ ትልምና ክነሳኽዕ እንኽእለሉ ኩነታት ከምዘሎ 'ዩ። ካልኣይ ኣማላኻቲ ብፍላይ ልምዓት ፀባን ዝተማሓየሹ ዘራእቲ ንሓረስታይን ጠቓማይን ምስ ምቕራብ ተተሓሒዙ ዓብይ ፀገማት ነይሩ 'ዩ፡፡ ብፍላይ ኣብቲ ኸባቢ ዘለዉ መሰረተ ልምዓታት ዉሑዳት ምስ ምኧኖም ኣብ ዝሓለፈ ሙሉእ ዓመት ምብቕራብ ዝተኽኣለ ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ሚልየን 'ዩ፡፡ ሎሚ ዓመት ናብ ኽልተ ነጥቢ ኽልተ ሚልየን ንምቕራብ ተሊምና ኢና። ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ኣዋርሕ 920 ሽሕ ወይ ንሓደ ሚልየን ዝቐረበ ምቕራብ ክኢልና ኢና፡፡ እዚ ምስ ትልምና ዝተቐራርበ 'ዩ ምባል ይካኣል፡፡

ብመንፅር ምቕራብ ዘመናዊ ቆፎ ምስ መዓር ተተሓሒዙ ኸባቢ 250ሽሕ ንምቕራብ ተሓሲቡ ናብ 315 ሽሕ ምቕራብ ክኢልና ኢና፡፡ ነዚ ምቕራብ እታዎታት ለውጢ ብሓሙሽተ ኣዋርሕ ዝተወሰደ ስጉምቲ ንምግላፅ ንመጀመርታ እዋን 30 ሚልየን ዶላር ናይ ወፃኢ ሽርፊ ንኽፍቀድ ገይርና በዚ ዙርያ ዝሰርሑ ባዓል ሃፍቲ መን እንታይ ይገብር? ዝብል ትልሚ ፈሊና ኣውፂኢናን በዚ መሰረት ንከእትዉ ከምዝተገበሩ ተጠቃሲ 'ዩ፡፡ በዚ ሓሙሽተ ወርሒ ብዘፈር እንስሳት ናብ 84 ሚልየን እንስሳት ንክኽተቡ ተተሊሙ ናብ 71 ሚልየን ተበፃሒ ምግባር ተኻኢሉ 'ዩ፡፡

**ትፕኢ:- ዓብይ ትኹረት ክዋሃቦ ዝተገበረ ስራሕ ተፈጥሮ ሃፍቲ ክንደይ ዝኣክል ውፅኢት እናተረኽበ 'ዩ?**

**ግርማ (ዶ/ር):-** ሳልሳይ ኣብ ዘፈር ሕርሻ ዘሎ ዘፈር ሃፍቲ ተፈጥሮ እንትኾን፤ በዚ ልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮ ዙርያ እቲ ሓደ ምስ ሓምላዋይ ዓሻራ ተተሓሒዙ ዝተሰርሐ ስራሕ 'ዩ፡፡ ካልኣይ ድማ መሬት ካብ ምምዝጋብን ሰርቲፊኬት ምስ ምሃብ ተተሓሒዙ ዝተሰርሐ ስራሕ 'ዩ፡፡

ኣብ ሓምለዋይ ዓሻራ ኽቡር ቀዳማይ ሚኒስትር ብተደጋጋሚ ከምዘቕመጥዎ ብኽልተ ምዕራፍ ዝስራሕ እንትኾን፤ መጀመርታ ምዕራፍ 25 ቢልየን ፈልሲ፤ ካልኣይ ምዕራፍ ድማ 25 ቢልዮን ፈልሲ 'ዩ፡፡ ብሓፈሻ ኣብ 2018 ዓ.ም 50 ቢልየን ፈልስታት ኣብ ዓለም እቲ ዓብይ ፕሮግራም ሓምለዋይ ልምዓት ኢትዮጵያ ተሊማ እናሰርሐት 'ያ፡፡

ካብ 50 ቢልየን ፈልስታት ውሽጢ ንዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ዝሓለፈ ዓመት ሓዊሱ 32 ነጥቢ 5 ቢልየን ፈልስታት ተተኺሎም 'ዮም፡፡ እዚ ዝሓለፈ ኣብ ዱባይ ኣብ ዝተኻየደ ኤክስፖ ኢትዮጵያ ሓምለዋይ ዓሻራ ፕሮግራም እንታይ ዓይነት ከምዝኾነ ብብርኪ ዓለም ለኸ ልምዲ ንክውሰድ ንምግባር ተኻኢሉ 'ዩ፡፡ ብፍላይ ኣብ 2015/16 ክረምቲ ዝተተኸሉ ፈልስታት ኣብ ዝሓለፈ 6 ነጥቢ 5 ቢልየን ፈልስታት ንምትካል ተሊምና ኣብ 2015 ናብ ሸውዓተ ነጥቢ ሓሙሽተ ቢልየን ፈልስታት ምትካል ኽኢልና ኢና፡፡

ካብዚ ውሽጢ እቲ ሓደ ኽቡር ጠቕላይ ሚኒስትርና ብዘቕመጥዎ መሰረት ናይ 60 ሚኢታዊ ጥሙር ግብርናን ፍራፍረን ፈልሲ ንክኾኑ ብዝብል ብዝተቐመጠ ኣንፈት ናብ 57 ሚኢታዊ ጥሙር ሕርሻ ፍራምረን ፈልስታትን ተተኺሎም 'ዮም፡፡ ዝተረፈ 42 ሚኢታዊ ድማ ናይ ዱር ፈልስታት ተተኺሎም 'ዮም፡፡ ሓደ ሚኢታዊ ዝኾኑ ድማ ንመልክዕ ዝተተኸሉ 'ዮም፡፡

መጠን ዝፀደቑ ብዝምልከት ዝስራሕ ኽልተ ግዜ 'ዩ። እቲ ሓደ ወድያው ክረምቲ ምስ ሓለፈ ዝረአ 'ዩ፡፡ ቀፂሉ ድማ ኣብ ሓጋይ 'ዩ፡፡ ኣብ መጀመርያ ዝተገበረ ዳህሰሳ ዝሐለፈ ክረምቲ ዝተኸልናዮም ፈልስታት 85 ሚኢታዊ ፀዲቑም 'ዮም፡፡ ንቀፃሊ 'ውን ምንክብኻብ ኣጠንኪርና ክንቕፅል ኢና፡፡

ናይ 2016/17 ሓምሳ ቢልየን ንምብፃሕ ዝተርፈና ሰለስተ ዓመታት 'ዮም፡፡ ስለዚ ዝተርፈና 18 ቢልየን 'ዩ። ኣብ ዝቕፅል ሰለስተ ዓመታት በኣና ወገን ከም ሕርሻ ሚኒስተር እንተናኣሰ በቢ ዓመቱ ካብ 6 ቢልየን ክሳብ 6 ነጥቢ 5 ቢልየን እንተሰሪሕና ዝተረፈ ሰለስተ ዓመታት ትልምና ንምስኻዕ ምስ ክልላት ስለ እንሰርሕ ኽልተ ግዜ ዘተ ኣካይድና ኢና፡፡

ካብ ክልል ዝመፀ ትልሚ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተረኸቡ ጣብያታት ፈልሲ ልምድታት ኣሎ፡፡ ብዙሓት ዝተጣየሹ ጣብያታት ፈልሲ ኣለዉ፡፡ ብመንፅር እዚ ናብ 9 ቢልየን ፈልስታት ምድላው ይካኣል 'ዩ ዝብል ትልሚ ካብ ክልላት መፂኦም 'ዮም፡፡ እዚ ማለት ካብ ትልሚ ብላዕሊ 'ዩ። ምስ ክልላት ዝገበርናዮ ዘተ ኣብ ፅሬት ትኹረት ክንገብርን ቦታታት ኣቀዲምካ ናይ ምፍላይ ስራሕ ብስፍሓት ንክስራሕ ኣንፈት ኣቐሚጥና እናሰራሕና ኢና፡፡ ትልሚ ተዳሊዩ ኣብ ምርድዳእ ተበፂሑ 'ዩ፡፡ ናብ ስራሕ 'ውን ተኣትዩ 'ዩ፡፡



## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ድርቒ ዘስዕቦ ጉድኣት ንምክልኻል ዘላቒ መፍትሒ ዝኸውን ስራሕቲ መስኖ ምስፍሕፋሕ የድሊ ››

**-ኣይተ ኣለምብርሃን ሃሪፈ ምኽትል ሓላፊ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ**

**ኣብርሃ ሓጎስ**

"ኣብ ትግራይ ብተፈጥሮኣውን ሰብ ስራሕን ብዝበፅሑ ተደራራቢ ጉድኣታት ምኽንያት ብዝተፈጠሩ ተፅዕኖታት ኣብ ምህርትን መፍራይነት ዝራእቲ፣ ሃፍቲ እንስሳን ተፈጥሮን ሰፊሕ ኣሉታዊ ተፅዕኖ ብምብፅሑ ተደማሚሩ ኣብቲ ህዝቢ ጥምየትን ፀገመን መከራን ንክህልው ገይርዎ 'ዩ። እዚ ድማ ኣብ ህዝብና ናይ ሕልውና ሓደጋ ኣጋጢሙና ከምዘሎ 'ዩ ዝፍለጥ። ኣብ ክሊ እዚ ኮይንና 'ውን እንተኾነ ናይዞም ሓደጋ ሰዓቤናት ክንቅንስ ኣለና ብምባል ብኻሊእ ድማ ዘለውና ዕድላት ተጠቂምና ብፍላይ ኣብ ዓርሰ ሙርከሳ መሰረት ዝገበረ ናይ ሕርሻ ስራሕቲ ንሰርሕ ኣለና።"

"ኣብቲ እኹል ማይ ዘለዎ ከባቢታት ዝሐሸ ስራሕቲ ዝኸይድ ዘሎ ኮይኑ፤ ኣብተን ዝተደረቃ ከባቢታት ግና ዒላታት ግድባት ዝኣምሰሉ ናይ ማይ ዓቅሞም ደሪቆም ስለዘለው፤ ንስራሕቲ መስኖ 'ውን ፅዕንቶ ዝፈጥረሉ ኩነታት ኣሎ 'ዩ። ከምኡ 'ውን ሓደ ሓደ ማሕነቆታት ቴክኖሎጂ፣ ምስኣን ውሱን እታወታት እንተሃለወ 'ውን ኣብ ክሊ እቲ ዘሎ ማይ ኮይኑ ናብ መስኖ ይኣቲ ኣሎ 'ዩ። ብብርኪ ክልል ክሳብ ሐዚ ክነልምዖ ካብ ዘለና ልምዓት መስኖ 'ውን ናብ 60 ሚእታዊ ዝኸውን ናብ ልምዓት ኣትዩ 'ዩ።" እዚ ከምዘሎ ነዚ ብዘላቕነት ንምፍታሕ ልምዓት መስኖን መካናዜሽንን ብስፍሓት ምጥቃም ወሳናይ ኮይኑ፤ እዚ ንምግባር ድማ ናይ መንግስቲ ፌደራልን ናይ ዝተፈላለያ ዓለም ለኸ ትካላት ረድኤትን ሓገዛት ወሰንቲ 'ዮም።

ነዚ ዝበሉ ናይ ሎሚ ጋሻና ምኽትል ሓላፊ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ኣይተ ኣለምብርሃን ሃሪፈ ኮይኖም ኣብ ዛዕባ ንጥፈታት ሕርሻ ትግራይ ዘለው ዕድላትን ፈተናታትን ካልኦት ተዛመድቲ ዛዕባታት ትኹረት ዝገበረ ምስ ጋዜጣ ዋጋሕታ ዝነበሮም ፃኒሒት ሙሉእ ትሕዝትኡ ከምዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ ሰናይ ንባብ:-

**ወጋሕታ:- ኣብ ትግራይ ምህርቲ ምእካብ እንታይ ይመስል? ክሳብ ሐዚ ክንደይ ዝኣክል ምህርቲ ተኣኪቡ ኣሎ? ኣብዚ ዘሎ ብኽነት ከ እንታይ ይመስል?**

**ኣይተ ኣለምብርሃን:-** ደጋጊምና እናገለፅናዮ ከምዝመፃእና ኣብ ትግራይ ናይ ሎሚ መፍረይነት ክረምቲ ሓደ ሓሙሽተ ዝኾኑ ፀገማት ኣጋጢሞም 'ዮም። ካብዞም ዘጋጠሙ ፀገማት ሓደ እቲ ዝነበረ ኩናት ዝፈጠሮ ተፅዕኖ ኣሎ። እዚ ማለት ናውቲ ሕርሻ ከምትራክተራት ዝበላን ካልኦት ምስራቅ ምዕናው፣ ናይ ሓረስቶት ኣብዑር ብምስራቅ ምሕራድ ዝበሉ ምኽንያታት ኣብቲ ማሕረስ ኣሉታዊ ፅዕንቶ ፈጢሩ 'ዩ። በዚ ምኽንያት ድማ 'ቶም ሓረስቶት ድማ ዘንጊዖም 'ዮም ሓሪሶም ወይ ከይሓረሱ 'ዮም ተሪፎም። ከምኡ 'ውን ኣብ ጉልበት ሓይሊ ሰብ ዝፈጠሮ ክፍተትን ኣብ ማሕበረ ኢኮኖምያዊ ዝፈጠሮን ተደማሚሩ ኣብቲ ሕርሻ ዓብዪ ፅዕንቶ ፈጢሩ 'ዩ።

ካሊእ ኣብ ስምምዕ ፕሪቶርያ ዘሎ ኣወንታዊ ጎንታትን ዘለው ረብሓታትን ከምዘለው ኮይኖም፤ ብኻሊእ ወገን ከዓ ከምዝፍለጥ ክሳብ ሐዚ ካብ ዘለና ተሓራሲ መሬት 48 ሚእታዊ ኢና ንሓርስ ዘለና። እቲ ዝተረፈ 52 ሚእታዊ መሬት ትግራይ ኣብ ኢድ ዝተፈላለዩ ሓይልታት ምስ ምህላው ተተሓሒዙ ዳርጋ ፍርቂ መሬት ዘይሓረስና ምኺንናን እዚ ድማ ዓብዪ ፈተና ይኾነና ከምዘሎ 'ዩ ዝፍለጥ። ብሳልሳይ ብርኪ ዝግለፅ ፀገም ድማ ኣብቲ 48 ሚእታዊ ዝተሓረሰ መሬት ሰፊሕ ድርቂ ዘጋጠመሉ ኩነታት ከምዘሎን።

ካብዚ ብተወሳኺ ባልዕ ኣዝርእቲ ከም ኣምበጣ ኦምን ናይ በረኻ ኣምበጣን ተፅዕኖ ዝፈጠሩሉ ኩነታትን ከምኡ 'ውን እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ብፍላይ ኣብቲ ዝሐሸ ምህርቲ ክርከብ ትፅቢት ዝገብረሉ ዝነበረ ኣብ ዞባ ሰሜን ምዕራብን ማእኸላይን ጉድኣት ብምብፃሕ ተፅዕኖ ስለዝፈጠረ ኣብ ምህርትን መፍራይነት ዝራእቲ ሃፍቲ እንስሳን ተፈጥሮን ሰፊሕ ኣሉታዊ ተፅዕኖ ብምብፅሑ ተደማሚሩ ኣብቲ ህዝቢ ጥምየትን ፀገምን መከራን ንክህልው ገይርዎ 'ዩ። ብሰንኪ እዚ ጥምየት 'ውን መዓልታዊ ብዙሕ ሰብ ኢና ንስእን ዘለና። እዚ ድማ ኣብ ህዝብና ናይ ሕልውና ሓደጋ ኣጋጢሙና ከምዘሎ 'ዩ ዝፍለጥ። ኣብ ክሊ እዚ ኮይንና 'ውን እንተኾነ ግና ናይዞም ሓደጋ ሰዓቤናት ክንቅንስ ኣለና ብምባል ብኻሊእ ድማ ዘለውና ዕድላት ተጠቂምና ብፍላይ ኣብ ዓርሰ ሙርከሳ መሰረት ዝገበረ ናይ ሕርሻ ስራሕቲ ንሰርሕ ኣለና።

ኣብ ምእካብ ምህርቲ ብዝምልከት ክሳብ ሐዚ እቲ ዘሎ ዳርጋ ናብ ከባቢ 97 ሚእታዊ ተኣኪቡ 'ዩ። እዚ ካብ ድርቅን ውሕጅን ዝተረፈ ዘሎ ምህርቲ ዝተኣከበ ኮይኑ፤ መብዛሕትኡ እቲ ዝተኣከበ ኣብ ናይ መኼዳ ስራሕቲ 'ዩ ዝርከብ ዘሎ። ብሓፈሻ ዝተወሰነ ናይ ቃንጫ ዝራእቲ ተዘይኮይኑ ካሊእ ናይ በርዒ ዝራእቲ ዝበሉ መብዛሕትኡ ተኣኪቡ 'ዩ። ብኻልኣይ ብርኪ ውሱን ናይ መስኖ ስራሕቲ ይከናወን ኣሎ 'ዩ። ኣብ ክሊ እተን ዘለዋ ማያት ኮይንካ ስራሕቲ መስኖ ኣብ ምንቅስቓስ ከምዘሎን ምስቲ ዘሎ ውሱን እታወታት ገይርና ብምስራሕ እንተነኣስ ኣብ ፅድያ ዝሰኣናዮ ነገር ብውሱን መልክዕ 'ውን ሓገዝ እንተኾነ ኣብ መስኖ ንረባረብ ዝብል ኣንፈት ተታሒዙ ዝኸደሉ ኩነታት 'ዩ ዘሎ።

**ወጋሕታ:- ብመንፅር ኣብዚ ዓመት ኣብ ትግራይ ክስብሰብ ዝተተለመ ምህርቲ መሰረት ክንደይ ዝኣክል ተዓዊቱ?**

**ኣይተ ኣለምብርሃን:-** "multi sectorial assessment" ዝብሃል ናይዚ ክራማት እቶት ገምጋም ብመንግስቲ ፌደራል፣ ሚኒስተር ሕርሻ፣ ኮሙሽን ሓደጋ ድልውነት፣ ኤጀንሲታት "ዩ ኤን"ን ከምኡ 'ውን ካብ ትግራይ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ኮሙሽን ሓደጋን ድልውነትን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላት ዘለውሉ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ከባቢ ጀሚሮም እቶት ገምጋም እናገበሩ ፀኒሖም 'ዮም። ንሶም ዝገበርዎ ገምጋም መሰረት ተገይሩ ዝግበር ሪፖርት ኣሎ። እዚ ዝተወደበ ሪፖርት ናብ "ኤሲሲ" ዝብሃል ክቀርብ 'ዩ። ካብኡ እቲ ሪፖርት ዕላዊ ኮይኑ ክወፅእ 'ዩ። ክንደይ እቶት ክንረክብ ነይርና? ክንደይ ረኺብና? እቲ ድርቅን እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብን ካልእን ነንሕድሕዶም ዘብፅሕዎ ጉድኣት ብሓፈሻ ኣብ ዝራእቲ፣ ኣብ እንስሳ ሃፍትን ኣብ ቁጠባውን ሪፖርት ክንገብር ኢና። ሐዚ ዘሎ ኩነታት እቲ ሪፖርት ገና ዘይተወድአ ነገር ስለ ዘለዎ፤ ክንድዚ ክንብል ኣይንኽእልን እቲ ቅድም ክብል እንብሎ ዝነበረ ቁፅርታት 'ውን ብቲ ዝቀርብ መረዳእታ ክውስኹ ወይ ክቕንሱ ይኽእሉ 'ዮም። እዚ ድማ ምስ እኹል ምኽንያታቱ ኣብ ቀፃሊ ሰሙን ክነፍልጥ ኢና።

**ወጋሕታ:- እቲ ዝተረፈ ምህርቲ ብቅልጡፍ ተኣኪቡ ከም ልምዓት መስኖ ዝበሉ ኣማራፂታትን ዕድላትን ንምጥቃም እንታይ ይስራሕ ኣሎ? ቅድሚ ሰሞናት ኣቢሉ ካብ ሰብ ሞያ ሞስኖ ብዝረኸብናዮ ሓበሬታ መሰረት ኣብ ምእካብ ምህርቲ ዘለዋ ከባቢታት ብፍላይ ኣብ ሰሜን ምዕራብን ማእኸላይን ዘሎ ከባቢ ናብ መስኖ ዝኣተው ውሱን 'ዩ ነይሩ እሞ ኣብዚ እንታይ ሓዱሽ ነገር ኣሎ?**

**ኣይተ ኣለምብርሃን:-** ናብ መስኖ ንምእታው ሓደ ዝድሊ እታወታት ብፍላይ መዳበርያ ኣብዚ ሐዚ እዋን ፀገም የለን 'ዩ። ንመስኖ ዝኸውን ብውስን መልክዑ እንተኾነ 'ውን ቀሪብ መዳበርያ ኣሎ 'ዩ። ውሱን ምሩፅ ዘርኢ ካብ ገበርቲ ሰናይ ዝረኸብናየን 'ውን ሓገዝ ንገብር ኣለና ኢና። ይኹን እምበር ኣብቲ እኹል ማይ ዘለዎ ከባቢታት ዝሐሸ ስራሕቲ ዝኸይድ ዘሎ ኮይኑ፤ ኣብተን ዝተደረቃ ከባቢታት ግና ዒላታት ግድባት ዝኣምሰሉ ናይ ማይ ዓቅሞም ደሪቆም ስለዘለው፤ ንስራሕቲ መስኖ 'ውን ፅዕንቶ ዝፈጥረሉ ኩነታት ኣሎ 'ዩ። እቲ ሓረስታይ ኣብ ክሊ እተን ዘለዋ ውስናት ኮይኑ 'ውን ናብ መስኖ ኣትዩ ይሰርሕ ኣሎ 'ዩ።



ከምቲ ዝበልካዮ ኣብ ዞባታት ማእኸላይን ምዕራብን ከባቢታት ዝተውሰነ ምዝንጋዕ ነይሩ 'ዩ። ሐዚ ግና ናብ ልምዓት እናኣተወ ይኸይድ ኣሎ 'ዩ። ምኽንያቱ ናይ ምዕፃድ ናይ ምክያድ ይሳለጥን ይዛዘምን ስለዘሎ ኣብዚ ለውጥታት ኣሎ 'ዩ። ሓደ ሓደ ማሕነቆታት ናይ ቴክኖሎጂ፣ ውሱን እታወታት ምስኣን እንተሃለወ 'ውን ኣብ ክሊ እቲ ዘሎ ማይ ኮይኑ ናብ መስኖ ይኣቲ ኣሎ 'ዩ። ብብርኪ ክልል ክሳብ ሐዚ ክነልምዖ ካብ ዘለና ልምዓት መስኖ 'ውን ናብ 60 ሚእታዊ ዝኸውን ናብ ልምዓት ኣትዩ 'ዩ። ወይ ብመስኖ ተሸፊኑ 'ዩ። ካብዚ ስልሳ ሚእታዊ ተሸፊኑ ዘሎ ልምዓት መስኖ ድማ ኣብዝሓ ዝለምዑ ዘለው ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣሕምልቲ ኮይኖም ብዋናነት ድማ ሽንጉርቲ ከምኡ 'ውን ዝራእቲ ዕፉንን ዓይነታት ኣዕታርን 'ዮም።

**ወጋሕታ:- እቲ ዘሎ ከቢድ ድርቂ ንምቅሳል ተወሰኽቲ ልምዓት መስኖ ንምስፋሕ 2 ነጥቢ 5 ቢልዮን ብር ከምዘድልን እዚ ድማ ብናይ ኩሉ ምትሕብባር ክፍፀም ከምዝክኣል ቢሮ ማይን ኢነርጅን ትልሚ ኣቅሪቡ ነይሩ። ተመሳሳሊ ብኣኻትኩም ነዚ ከም መፍትሒ ዝኸውን ዝሓሰብኩምዎ ነገር ኣሎዶ? ኣብዚ ጉዳይ ምስ ቢሮ ማይ ሓፍቲ ብሓባር ዝትሰርሕዎ ነገርከ ኣሎዶ?**

**ኣይተ ኣለምብርሃን:-** ነዚ ዘላቂ መፍትሒ መስኖ 'ዩ። መስኖ ንምስፋሕ ድማ ማይ ወሳኒ 'ዩ። ዓቅሚ ልምዓት መስኖ ትግራይ ገዚፍ 'ዩ። ናብ 300 ሽሕ ሄክታር ዝኸውን መሬት ትግራይ መስኖ ክለምዕ ከምዝኽእል ዝተኻየዱ ገምገማት ኣለው። ስለዝኾነ ኣብ ልዕሊ ማይ ኮይንና ኢና ተደሪቅና ዘለና። ዘላቂ መፍትሒ ዝኸውን ድማ ብስፍሓት መስኖ ምልማዕ 'ዩ። ንምስፋሕ ድማ ማይ ንምውፃእ ካፒታል ኢንቨስትመንተ የድሊ 'ዩ። እዚ ድማ ናይ መንግስቲ ቁርፀኝነት ዝሓትት 'ዩ። ብፍላይ ናይ መንግስቲ ፌደራል ወሳናይ 'ዩ ዝኸውን። እዚ ሓደ ነገር ኮይኑ እቲ ኻሊእ ድማ መካናይዜሽን ከምቲ ኣብ ክልላት ኦሮምያን ኣምሓራን ዝርአ ዘለው ዝተፈላለዩ ተሞክሮታት መከናዜሽን ናብ ትግራይ ክመፅኡሉ ዝኽእሉ ዕድል 'ውን ተዝፍጠር ብጣዕሚ ጠቃሚ 'ዩ ዝኸውን። ልምዓት መስኖን መካናዜሽንን ክልቲኣን ወሰንቲ 'የን። ኣብ ማይ ኢንቨስት ምግባር ድማ ብጣዕሚ ወሳናይ ኮይኑ እዚ ንምግባር ድማ ናይ መንግስቲ ፌደራልን ናይ ዝተፈላለያ ዓለም ለኸ ትካላት ረድኤትን ሓገዛት ወሰንቲ 'ዮም።

ብሓላፊ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ዶክተር ኢያሱ ዝምራሕ ቢሮ ማይን ኢነርጅን ዘለዎ ናይ ማይ ኮሚቴ ዝብሃል ውን ኣለና 'ዩ። ኣብዚ ሓቢርና ንሰርሕ ኢና። ቢሮ ሕርሻን ማይን ብሓባር ኮይንና ሓሙስ ሓሙስ እናተራኸብና ገምጋምን ዘተን ኣለና 'ዩ። እቲ ዝተብሃለ ትልሚ (ትልሚ 2ነጥቢ 5ሚልየን) 'ውን ሂቦምና 'ዮም። ዝኾነ ኾይኑ ግና ማይ ናይ ምውፃእ ስራሕ ናይ ቢሮ ማይ ሃፍቲ 'ዩ። ንዕኡ 'ዩ 'ውን ቢሮ ማይ ሃፍቲ ተባሂሉ። ንሕና እቲ ዝተረኸበ ማይ ናይ ምልማዕ ሓላፍነት 'ዩ ዝህልወና። እዚ ክልቲኡ ቢሮ ዝተኣሳሰረ ስለዝኾነ ግና ተኣሳሲርና ንስራሕ ተባሂሉ ቢሮ ሃላፊ እናማእኸሎ ሰሙናዊ እናተገምገመ 'ዩ

"ዓቅሚ ልምዓት ...ናብ ገፅ 6

# “ዓቅሚ ልምዓት መስኖ ትግራይ...

ዝኸድ ዘሎ። ይኹን እምበር ኣብዚ ውሱን ፅገና ኣብ ዝካየድ፣ ህዝቢ ባዕሉ ኣዋፂኡ ኣብ ዝሰርሖን ብዓቅሚ መንግስቲ ዝስራሕ ዘሎ ከምዘሎ ኮይኑ፤ ዕብይ ዝበለ ክስራሕ እንተኾይኑ ግና ዓብዪ ካፒታል ኢንቨስትመንት ዝደሊ ጉዳይ 'ዩ።

ስለዝኾነ ናይ መንግስቲ ፌደራልን ብሓፈሻ ናይ ዓለም ማሕበረሰብ ድጋፍ ዝደሊ 'ዩ። ናይዚኦም ደገፍ እንተዘይረኺቡ ግና እዚ ንምስራሕ ኣብዚ እተው ዝብሃል ኣይኮነን። ምኽንያቱ ግዝያዊ መንግስቲ ትግራይ በጀት የብሉን ድጋፍ እንተዘይሃልዩ ምንም ትርጉም ዘለዎ ኣይከውንን። እቲ ክስራሕ ዝኽእል ግና ተሓጋጊዝና ንሰርሕ ኣለና ኢና (ምስ ቢሮ ማይ ሃፍቲ)። ንሳቶም 'ውን ከምዛላታት ዝበሉ ፅቡቅ ስራሕቲ ይሰርሑ 'ዮም።

**ወጋሕታ:- ኣብዚ እዋን ኣብ ትግራይ ዘሎ ድርቂ እንታይ ይመስል? ኣብ ምንታይ ብርኪክ ኣሎ ይብሉ? እዚ ብኸመይ ክስገር ይክኣል? እንታይ ክስራሕ ኣለዎ?**

**ኣይተ ኣለምብርሃን:-** ሐዚ ኣብ ትግራይ ድርቂ ኣይኮነን ዘሎ፤ ካብ ድርቂ ሓሊፉ ናብ ጥምየት ተሰጋጊሩ 'ዩ ዝርከብ ዘሎ። ኣብቲ ዝኸፍአ ጫፍ ጥምየት ወይ “famine” ኣብ ዝብሃል ብርኪ ሓሙሸተ 'ዩ ዘሎ። ሓበሬታ ክህልወኩም ይኽእል 'ዩ፤ በቢከባቢኡ በቢመዓልቱ ብጥምየት ሰብ ይመውት ከምዘሎን ብዙሕ ድማ ኣብ ጥምየት 'ዩ ዘሎ። እዚ ድማ ናብ ኩሉ ናብ ፌደራልን “ዩ ኤስ” ኤጀንስን ካልኦትን ሓበሬታ ዝተወሃበሎም ኩነታት 'ዩ ዘሎ። ኣብዚ እንታይ ክግበር ኣለዎ ንዝብል ቁፅሪ ሓደ ሰብኣዊ ናይ ምግቢ ደገፍ የድሊ። ኣብቲ ስምምዕ (ፕሪቶርያ) ከም ዝፍለጥ 'ውን ሰብኣዊ ሓገዝ ክህልው 'ዩ ዝብል ነገር ነይሩ 'ዩ። ስለዝኾነ ምግቢ ብጣዕሚ የድልየና 'ዩ። ብውልቀ ኣክቲቭስታት፣ ዲያስፖራን እሊትን ገለ ዝግበር ደጋፋት ኣሎ 'ዩ። ይኹን እምበር እቲ ዘሎ ድልየት ካብኡ ብላዕሊ ስለዝኾነ በቲ ዝግበር ዘሎ ድጋፍ ዝዕበስ ኣይኮነን።

ስለዚ ዘይተገደበ ቀረብ ምግብን ማይ ብቦጥ ንሰብን ንእንስሳን ምቅራብ ከምኡ 'ውን ምስዚ ተኣሳሲሩ ምስቶም ሕማማት ዝተኣሳሰር ናይ መድሓኒት ደገፋት ዘድልዩሉ ኩነታት ኣሎ። ስለዝኾነ ምግብን ምግቢ ዝኣምሰሉ ኣቁሑትን

**ብብርኪ ክልል ክሳብ ሐዚ ክነልምዖ ካብ ዘለና ልምዓት መስኖ ናብ 60 ሚእታዊ ዝኸውን ብመስኖ ተሸፊኑ 'ዩ**

የድልዩ ኣለው። ካሊእ ደገፍ እታወታት ናይ ዘርኢ፣ መዳበርያን ከምኡ 'ውን ናይ ቴክኖሎጅን ድጋፋት ዘድልየሉ ኩነታት ኣሎ። ብሳልሳይ ብርኪ ብዘላቅነት ካብ ድኽነት ክወፅኣሉ ዝኽእል ዘላቂ ልምዓት ከምፅእ ዝኽእልን እቶም ፅገማት 'ውን ብዘላቅነት ክፍትሕሉ ዝኽእሉ ከምቲ ዓንተዎ ዝበልናዮ ኣብ ማይ፣ ኣብ መከናዘይሽን ምስራሕ ጠቃሚ 'ዩ ዝኸውን። ብፍላይ ኣብ ምግቢ ሰብን ምግቢ እንስሳን ብዝተወደበ መንገዲ እቲ ዘሎ ሓደጋ ከም ሓደጋ ተራእዩ ናይ ሓደጋ ሓገዛት ክቀርብ ኣለዎ። እቲ ኸይዲ ድማ ብዘላቂነት ለውጢ ብዘምፅኡ እንቨስትመንት (መዋእለንዋይ) ምፍሳስ ይሓትት ኣሎ። ስለዚ እዚ እንተገይርና ሐዚ ዘሎ ፀገም ብመሰረታዊ ሓደግኡ ክንቅንሰሉ እንኽእለሉ ኩነታት ክህልው 'ዩ።

**ወጋሕታ:- ሓደ ሓደ ሰባት እቲ ሐዚ ኣብ ትግራይ ዘሉ ድርቂ ንረብሓ ፖለቲካ ተባሂሉ ዝጋነን ነገር ኣለዎ 'ዩ ዝብሉ ኣለው እሞ ኣብዚ ዝብልዎ ነገር እንተሃልዩ?**

**ኣይተ ኣለምብርሃን:-** እዚ ዝጋነን ነገር የብሉን እንድያውም ሰኸፊት 'ዩ ዘሎ። ምስቲ ብሓፈሻ ጀሚርናዮ ዘለና ኸይዲ ሰላም ምትእስሳር ንሱ ክጠናኸር ንደሊ ኢና። ንሱ ንክጠናኸር ኢልካ ግና እቲ ዘሎ ነገር ክትሓብኦ ኣይትኽእልን። እዚ ከዓ ክትሓብኦ ዝትኽእል ነገር ኣይኮነን። እንድያውም እንታይ ኾን ይብሉና ይኾኑ ዝብል ዓይነት ሰኸፊት ዝመስል ነገር 'ውን 'ዩ ዘሎ። ይኹን እምበር እቲ ዘሎ ፀገም ብዝሓባእናዮ ቁፅሪ 'ውን ኣላርሚንግ ዝኾነሉ ዕድል ክፍጠር ይኽእል። ስለዚ እዚ ምስ ፖለቲካ ዝተሓሕዝ ጉዳይ 'ውን ኣይኮነን። 52 ሚእታዊ መሬት ካብ ግዝያዊ ምምሕዳር ወፃኢ 'ዩ ዘሎ፡፡

እዚ እንብል ዘለና ንዝኾነ ኣካል ወይ ፌደራል ንምውንጃል ኣይኮነን። ፖለቲካል ቁርፅኝነት ግና ዝሓትት 'ዩ። ተመዛበልቲ ናብ ቦቶኦም ተመሊሶም ከልምዑን ስራሕ ዕድል ንክፍጠር ምግባር። እቲ ኣብ ስምምዕ ክግበራ ዝተብሃላ ናይ ሰብኣዊ ሓገዛት ምቅራብን የድሊ። መንግስቲ ፌደራል እተን ዝገብረልና ሓገዛት እኮ ኮምንኬት ንገብር ኣለና ኢና። እንዲያውም መንግስቲ ፌደራልን ዩ ኤን ኤጀንስን ካልኦትን ኣብ ዘለውሉ ዝግበር ዘሎ ገምጋም እቲ ዘሎ ድራፍት እንተሪኢኻ ካፍቲ ኣንሕና ቅድም ኢልና ንገልፆ ዝነበርና ዝለዓለ 'ዩ ዝኸውን። ካፍቲ ዝገለፅናዮ ዝኸፍአ ነገር 'ዩ ዘሎ። እንድያውም እዚ ኣብ ዝግለፅሉ እዋን እቲ ዘሎ ሓቅን ኣንሕና ዘለና ሰኸፊትን ክትሪእዎ ኢኹም። ስለዚ እዚ ኸኣ ዝተጨበጠ ዩ ኤን ኤጀንሲን ዓለም ለኸ ወሃብቲ ሰብኣዊ ሓገዛትን ዝፈልጥዎን 'ዩ። ሐዚ ኸዓ ናይ መንግስቲ ፌደራል ኣካላት መፂኦም ዝረኣይዎ 'ዩ ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ ፌደራል ቅድመ መጠንቀቅታ ኮምሽን መፂኡ ዝረኣየሉ ኩነታት 'ዩ ዘሎ። ኣብ ምብራቅ ምስ ዓፋር ዘዳቡብ ዘሎ ከባቢ ብኣካል መፂኦም ብዝርዝር እቲ ከባቢ ሪኦሞ 'ዮም።

**ወጋሕታ:- ብኣይ ወገን ሒዘዮም ዝነበርኩ ሕቶታት ወዲኣ ኣለኹ። ኣብዚ ዝተረፈ ክግለፅ ኣለዎ ዝትብልዎ ሓሳብ እንተሃልዩ ናይ መወዳእታ ዕድል ክህበኩም?**

**ኣይተ ኣለምብርሃን:-** እቲ ዘሎ ፀገማት ኩሉ ተደሚሩ ናይ ህላወ ሓደጋ ኣጋጢሙና ኣሎ። ብኻሊእ መልክዕ ከም ዓዲ ናይ ቁጠባዊ ህላወ ሓደጋ ኣጋጢሙና ኣሎ። ስለዚ እዚ ሓደጋ ንምቅናስ ብመንግስቲ ፌደራል ይኹን ብኽልል ዝተሰርሑ ስራሕቲ ኣለው። ይኹን እምበር እቲ ዘሎ ፀገምን እቶም እንሰርሖም ዘለና ስራሕትን ዝራኸቡ ኣይኮኑን። ስለዚ ሐዚ 'ውን ደገፍ ናይ መንግስቲ ፌደራል፣ ናይ ክልላት፣ ብሄር ብሄረሰባትን ዓለምለኸ ማሕበረሰብን ብሓፈሻ ናይ ደገን ወፃእን ዘሎ ህዝብና ደገፍ ዝሓትት ብጣዕሚ ወሳናይ ዝኾነ ኩነታት ኢና ዘለና። ናይ ዘሎ ሓፈሻዊ ኩነታት ሓደጋን ዘሎ ድርቅን ከዓ በቲ ተወዲቡ ዝመፅእ ብፌደራል፣ ብዓለምለኸ ገበርቲ ሰናይን ናይ ክልል ኣካላት ብዘለውሉ ናይ ምህርቲ “ኣሰስመንት” ገምጋም ሪፖርት ንምግላፅ እንገብረሉ ዕድል ኣብ ቀረባ ክህልው ይኽእል 'ዩ።

ስለዚ እቲ ኹነታት ግና ሐዚ ብዘሎ ጭቡጥ ኩነታት ብጣዕሚ ክፉእን ሓደገኛን ከምዝኾነን ናብ ጥምየት ተሰጋጊሩን ስለ ዘሎ መንግስቲ ፌደራል 'ውን ነዚ ተረዲኡ እተን ዝጀመረን ደገፋት ኣጠናኺሩ ንኽቅፅል ንላቦ። ካልኦት ዓለም ለኸ ትካላትን ደገፎም ከሐይሉን ክሳብ ሐዚ ብርኪ እናተገበረ ዝመፅአ ደገፋት 'ውን ብሽም እቲ ህዝብን እቲ ቢሮን (ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን) ነመስግን ኢና ይኹን እምበር እቲ ዘሎ ኩነታት ኣብ ሓደገኛን ኣብ ቀይሕ መስመርን ከምዘለና ኩሉ ሰብ ክርዳእ ምግባር ክህሊ ኣለዎ።

**ወጋሕታ:- ኣብ ዝተፃበበ ግዜኦም ሰዊኦም ንዝሃቡኒ ሓበሬታ ብጣዕሚ የመስግን የቐንየለይ።**

**ኣይተ ኣለምብርሃን:-** ኣነ 'ውን ሓበሬታ ንክህብ ስለ ዝጋበዝኩምኒ የቐንየለይ።

# ‹‹ዝሓሸት ኢትዮጵያ...

ኻልኦት እንትወስዱሎም ከምዝስትውዐል ኣልዒሎም። ብምኳኑ 'ውን ፀጋታትና ብዝግባእ ክንርኢ ይግባእ ኢሎም።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኣብ ሃገራት ወፃኢ ንዝተወለዱ ኻልኣይ ወለዶ ኣባላት ዲያስፖራ ናብ ሃገሮም ንኽመፁ 'ውን ፃውዒት ኣቕሪቦም።

ኣብ ሃገራት ወፃኢ ዝተወለዱ ኻልኣይ ወለዶ ኣባላት ዲያስፖራ ካብ 20 ታሕሳስ 2016 ዓ.ም ክሳብ 20 መስከረም 2017 ዓ.ም ብሰለስተ ዙር ናብ ሃገሮም ንኽመፁ ሓቲቶም።

ብተወሳኺ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ ዕላዊ ማሕበራዊ መርበቦም ኣብ ዘመሓላለፍዎ መልእኽቲ፤ "ካብ 2013 ዓ.ም ጀሚሩ ንመበል 12 ግዜ ብዘካየድክዎ ገምጋም ፕሮጀክት ፍልፍል ሓይሊ ኮይሻ ብምኽንያት እቲ ዝቐየርናዮ ስርዓት ምሕደራን ክትትልን ፕሮጀክት ኸይዲ ሓፈሻዊ ህንፀቱ 62 ሚኢታዊ ምብፅሑ ብምምልካተይ ሓጎስ ተሰሚዑኒ" ኢሎም።

እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ወነንቲ እቶም ብብርኪ ኣፍሪካ ብዕብየቶም ቐዳማይን ሳልሳይን ዝኾኑ ግድባት ዓብዪ ግድብ ህዳሰ ኢትዮጵያን ኮይሻን ብምኳንና ፅሩይ ሓይሊ ናይ ምፍልፋል ስራሕናን ፃዕርናን ተወዳዳራይ ዘይብሉ ይገብሮ ክብሉ 'ውን ገሊፆም።

ሓደ ሽሕን 800 ሜጋ ዋት ናይ ምፍልፋል ዓቕሚ ሒዙ ካብ ዓብዪ ግድብ ህዳሰ ብምቕፃል ኣብ ኢትዮጵያ መበል ኻልኣይ ዝዓበየ ፕሮጀክት ፍልፍል ሓይሊ ሃይድሮ ኤሌክትሪክ ኾይኑ እናተሃነፀ ይርከብ፤ ኣፈፃፅማኡ 'ውን 62 ሚኢታዊ በፂሑ ክብሉ ሓቢሮም።

ብቐረባ ርሕቐት ኣብ ብሄራዊ ፓርኪ ጨበራ ጩርጩራ ንዝርከብ ሎጅ ዝሆን ዳና ጨበራ ኣብ ንምርቓሉ ኣብዚ እዋን ግድብ ኮይሻ ንዕድል ቱሪዝም እቲ ከባቢ ተወሳኺ ኣበርክቶ ይገብር 'ውን ኢሎም።

"ተፈጥሮኣዊ ብልፅግና ካብ ፈጣሪ ዝወሃብ ሃፍቲ 'ዩ። ኢትዮጵያ በዚ ዝተዓደለት 'ያ። ብእምባታት፣ ሸንጥሮታት፣ ሩባታትን ባሕርታትን ዝተመልአት ሃገር 'ያ። ሰባት ነዚ ፅባቐ ርእዮም ንኽረውዩ ፕሮጀክት ኮይሻ ከምዚ ሰሓባይ ኾይኑ ተዳሊዉልና" ክብሉ 'ውን መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም።

ፕሮጀክት ፍልፍል ሓይሊ ኮይሻ እንትዛዘም 201 ሜትር ቑመትን 1012 ሜትር ንውሓትን ዝህልዎ እንትኸውን ብዓመት ብማእኸላይ ሽዱሽተ ሽሕን 460 ጊጋ ዋት ሰዓት ሓይሊ ኤሌክትሪክ ናይ ምፍልፋል ዓቕሚ ኣለዎ። ብዓመት ክሳብ ሓደ ሚሊዮን ቶን ልቀት ካርበን ናይ ምቁፅፃር ዓቕሚ ከምዘለዎ 'ውን ሰብ ሞያ እቲ ዘፈር ይገልፁ።

እቲ ፕሮጀክት ኣብ ደቡብ ምዕራብ ኢትዮጵያ ካብ ኣዲስ ኣበባ ብ560 ኪሎሜትር ርሒቑ ይርከብ።

# ንካልኣይ ወለዶ...

ዝግልፁ ተግባራት ከምዝህልው ገሊፀን፡፡

ካልኣይ ዙር ‹‹ኮኔክት ቱ ሂስትሪ (Connect to History)” ዝብል ከምዝኾነ ድሕሪ ምግላፅ፣ ካልኣይ ወለዶ ኢትዮጵያውያን ታሪኾም ዝርድእሉን ዝፍለጥሉን ከምዝኾን ተዛሪበን፡፡ ብፍላይ ምስ ባዓል ዓድዋ ዝተደሓሓዘ ታሪኾም ንክፈልጡ ዝሕግዝ 'ዩ ኢለን፡፡

ሳልሳይ ዙር “ሊቭ ኣውር ሌጋሲ (Live Our Legacy)” ዝብል ስም ዝተውሃቦ ከምዝኾነን ኣብ ወፃኢ ዝነብሩ ካልኣይ ወለዶ ኢትዮጵያውያን ዝተጀመሩ ስራሕቲ ንክሕግዙን ኣብ ሃገሮም ንቁሕ ተሳትፎ ንክገብሩ ዝዓለመ 'ዩ ክብላ ኣብሪሀን፡፡

እቲ ፃውዒት ኢትዮጵያውያን ባህሎምን ታሪኾምን ህዝቦም ንክፈልጡ ዘኽእል 'ዩ፤ ብፍላይ መባፅሒ ቱሪስት ኢትዮጵያ ንምፍላጥ ምቹው ኩነታት ዝፈጥር 'ዩ ኢለን፡፡

ነዚ መርሃግብሪ ምስኻዕ ብሚኒስትር ቱሪዝም ዝምራሕ ዓብይ ኮሚቴ ተጣይሹ ዘፍፀምን ዝተፈላለዩ ንኡስ ኮሚቴታት ከምዘለዉ ተገሊፁ፡፡

# እቲ ምኽክር ዕዉት ንክኸውን...

ወከልቲ ህዝቢ ኣይተ ታገሰ ጫፎ ኣፍሊጦም፡፡ እቲ ኮምሽን ምኽክር ኣብ ክልላት ኣምሓራን ትግራይን ተሳተፍቲ ምፍላይ ኽጅምር ከም ዝግባእ ድማ ተመላኺቱ፡፡

ቐዋሚ ኮሚቴ ጉዳያት ዲሞክራሲ ቤት ምኽሪ ወከልቲ ህዝቢ፤ ኣብ ኣፈፃፅማ ምኽክር ኮምሽን ኣመልኪቱ ዝገበሮ ዑደት፤ እቲ ፀብፃብ ዘተ ተገይርሉ፡፡

ኣፍቲ እዋን ኣፈ ጉባኤ ኣይተ ታገሰ ጫፎ ከም ዝገለፅዎ፤ነቲ ማሕበረሰብ ብዛዕባ ኣድላይነት ምኽክር ግንዛበ ንምፍጣር መራኸብቲ ሓፋሽን እቲ ኮምሽንን ሓበራዊ ትልሚ ኣውፂኦም ክሰርሑ ይግባእ፡፡

እቲ ሃገራዊ ምኽክር ኸሳኻዕ ምግባር ምእንቲ ብዛዕባ ዕላማ እቲ ምኽክር፤ እቲ ማሕበረሰብ ግንዛበ እንትረክብ ‘ዩ ዝበሉ እቶም ኣፈ ጉባኤ፤ ነዚ ድማ ግደ መራኸብቲ ሓፋሽ ዕዙዝ ‘ዩ ኢሎም፡፡

እቲ ምኽክር ዕዉት ዝኾነሎም መገድታት፤ ቐዳምነት ክወሃቦም ስለ ዝግባእ ኣፍቲ ጉዳይ ግንዛበ ማሕበረሰብ ምፍጣርን ኻልኦት ጉዳያትን መራኸብቲ ሓፋሽ፤ እቲ ምኽክር ኮምሽንን ብዝርዝር ተሊሞም ክሰርሑ ከም ዝግባእ ሓቢሮም፡፡

እቲ ምኽክር ሙሉእ ንክኸውን ኹሎም ክፋላት ማሕበረሰብ ዝውክሉ ኣካላት እስካዕ ቀበሌ ብምውራድ ክሳተፉ ምግባር ከም ዝግባእ እቶም ኣፈ ጉባኤ ዝገለፁ እንትኾኑ፤ ኣብ ክልላት ትግራይን ኣምሓራን ተሳተፍቲ ንኽፍለዩ ብህፁፅ ስራሕቲ ክጅመሩ ከም ዘለዎም ድማ ኣታሓሳሲቦም፡፡

ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ክልል ትግራይ ዘሎ ኹነታት ሰላም ዝሐሸ ብምኳኑ መዳርግቲ ኣካላት ናፍቲ ቦታ ብምኻድ ተሳተፍቲ ካብ ምፍላይ ጀሚሮም ኻልኦት ተተሓሓዝቲ ስራሕቲ ክስርሑ ይግባእ ኢሎም፡፡

ኣብ ክልል ኣምሓራ ምስ ኣመራርሓታት ኣብ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ኣድሂብና ዘቲና ኢና ዝበሉ እቶም ኣፈ ጉባኤ፤ ኣፍቲ ክልል ተሳተፍቲ ምፍላይን ኻልኦት ስራሕትን ንምጅማር ዘኽእሉ ከባብታት ብምፍላይ ብህፁፅ ናብ ስራሕ ክእቶ ይግባእ ክብሉ ገሊፆም፡፡

ኣፍተን ክልላት ዘሎ ኣንፃራዊ ሰላም ብምጥቃም ኣፍተን ምቹዋት ዝኾና ቦታታት ምስራሕ ዝከኣለለን ጉዳያት ምድላው ከም ዘድልይ ሓቢሮም፡፡

ዋና ኮምሽነር ሃገራዊ ምኽክር ኮምሽን ኣይተ መስፍን ኣርኣያ (ፕሮፌሰር) ብወገኖም በቲ ቐዋሚ ኮሚቴ ንዝተልዓሉ ተሳተፍቲ ናይምፍላይ፣ስራሕቲ ሚዲያን ኮምኒኬሽንን ከም እታዎት ብምውሳድ ክንጥወቀመሎም ኢና ኢሎም፡፡

ኣብ ዝተፈላለየ ክፋል እዛ ሃገር ዝካየድ ኸይዲ ምኽክር ኣብ መሰረታዊ ጉዳይ ሃገር ሓበራዊ ምርድዳእ ብምፍጣር ዝሓሸትን ዲሞክራሲ ዝሰፈነላ ኢትዮጵያ ንምህናፅ ምቹው ኹነታት ከም ዝፈጥር ኣረዲኦም፡፡

እቲ ኮምሽን ትፅቢት ዝግበረሉ ታሪኻዊ ሃገራዊ ሓላፍነት ንኽዋፃእ ዝተፈላለዩ ክፋላት ማሕበረሰብ ዝውክሉ በብወረድኡ ዝርከቡ 50 ተሳተፍቲ እናፈለዩ ከም ዝኾኑ ኣፍሊጦም፡፡

ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ኣይተ መሳፍንት ተፈራ ብወገኖም፤ ኸይዲ ሃገራዊ ምኽክር ዝተሳኸዐ ንክኸውን መራኸብቲ ሓፋሽ መረዳታ ኣብ እዋኑን ብዝግባእ መገዲ ናይ ምቕራብ ሓላፍነት ኣለወን።

ትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ከም ትካል ትፅቢት ዝግበረሉ ሓላፍነት ህዝብን መንግስትን ብምውፃእ ካፍቲ ምኽክር ዝርከብ ረብሓ ማሕበረሰብ ግንዛበ ክረክብ ምግባርን ዝተፈላለዩ መዳርግቲ ኣካላት ሓገዝ ንኽገብሩን ክሰርሕ ‘ዩ ክብሉ ኣፍሊጦም፡፡

ሃገራዊ ምኽክር ብዝምልከት ዝተፈላለዩ መረዳእታታት ናብ ሕብረተሰብ ንምብፃሕ ምስቲ ቤት ዕዮ ኮምሽን ሓበራዊ ትልሚ ምውፃእ ከም ዘድልይ ‘ውን ሓቢሮም፡፡

ከም ፕሬስ ታሪኽ ናይ ምስናድ ሓላፍነት ስለ ዘለና፤ ኣብ ዙሪያ ሃገራዊ ምኽክር ወለዶ ምምሃር ዘኽእል ስራሕ ክንሰርሕ ኢና ኢሎም፡፡

እቲ ቐዋሚ ኮሚቴ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፣ሲዳማ፣ ሃረሪ፣ ቤንሻንጉል ጉሙዝ ዋና ቤት ዕዮ ተረኺቡም እቲ ኮምሽን ኣብ ምንታይ ብርኪ ከም ዝርከብ ዑደት ምግባሩ ኣፍቲ ፀብፃብ ተሓቢሩ ‘ዩ፡፡

ወጋሕታ **ዜና**

# ሕቶ በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ብሓባር ንምልማዕን ሕጋውን 'ዩ

**መሰረት ገብረዮሃንስ፣ሄርሞን ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ሕቶ ኣፍደገ በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ብሓባር ንምልማዕ፣ ሰላማውን ሕጋዊን 'ዩ ክብሉ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ተመራማሪ ሳይንስ ማይ ፕሮፌሰር ኣድማሱ ገበየሁን ተመራማሪ ታሪኽ ሓጋዚ ፕሮፌሰር ኣዳም ካሚልን ገሊፆም፡፡

ፕሮፌሰር ኣድማሱ ገበየሁ ንትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ፤ ስለ ኢትዮጵያ ታሪኽ ዝተዘረቡን ዝተፅሓፉን ኹሉ ዘረድኡ ኢትዮጵያ ዝተፅሓፈ ኾነ ዘይተፅሓፈ ፖሊሲኣ ሰላም ምኳኑ 'ዩ፡፡

‹‹ኢትዮጵያ ንኻሊእ ሃገር ንምውራር ብረት ዝመዘዘትሉ ኣጋጣሚ የለን›› ዝበሉ እቶም ፕሮፌሰር፤ ዶብ ደፊኦም እንትመፁ ንባዕላ ንምክልኻል እንተዘይኮይኑ ካብዚ ወፃኢ ሓይሊ ኣለኒ ኢላ ኣብ ልዕሊ ጎረቤታ ሓይሊ ዝተጠቐመትሉ ግዜ ከምዘየለ ገሊፆም፡፡

ከም ገለፃ እቶም ተመራማሪ፤ ኢትዮጵያ ወረራ ብምፍፃም ብሓይሊ ባዓልቲ ዋና በሪ ባሕሪ ክትኾውን 'ያ ዝብል ሓደ ሓደ ሓይልታት ዘጋውሕዎ ሓበሬታ ጥቕሚ ኢትዮጵያ ኣበየናይ ከምዝኾነ ዘይተገንዘቡ 'ዮም፡፡

‹‹ሓሳብና ናብ ልምዓት 'ዩ፤ ብረት ዝነኽኦ ነገር ንልምዓት ቅመም ክኾን ኣይኽእልን›› ዝበሉ እቶም ፕሮፌሰር፤ ብኹናት ንሓደ ግዘ እንበር ንዘላቕነት ሰዓራይ ዝኾነ የለን፡፡

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ትኹረት ዝገበርዎ ብሰላማዊ መገዲ በሪ ባሕሪ ምርካብ ዝካኣለሉ መገዲ 'ዩ ኢሎም፡፡ ኢትዮጵያ ዘቕረበቶ ናይ ብሓባር ንጠቀም ዝብል ሓሳብ ምኳኑ ድሕሪ ምግላፅ፤ እቲ ሕቶ ብኣወንታዊ ዘይቕበሉ ጎረቤት ሃገራት እንተሃልዮም ንህዝቦም ዘይሓስቡ 'ዮም ብምባል ንስኻ ኣይትጠቐም ኣነ ንጠቕም ዝብል ኣተሓሳስባ ስሕተት 'ዩ ክብሉ ተዛሪቦም፡፡



ፕሮፌሰር ኣድማሱ ገበየሁ

ዓለም ለኸ ማሕበረሰብ ናይ ኢትዮጵያውያን ሰላማዊ ሕቶ ከምዝድግፍ እንተረድኡ፤ ትካል ሕቡራት መንግስታት ካብ መንጎ ሸቶ ዘላቒ ልምዓት እቲ ሓደን መበል 16 ትኹረት ዝገበሮ ባሕሪ በሪ ዘይብሎም ሃገራት ከምዝኾነ፤ በሪ ባሕሪ ካብ ዘይብሎም 44 ሃገራት ኣብዝሓ ትሑት ናይ ድኽነት ብርኪ ውሽጢ ዝርከቡ 'ዮም፡፡ እዚ ዘተሓሳስብ ብምኳኑ በሪ ባሕሪ ንምርካብ ዝገብርዎ ፃዕሪ ክሕገዝ ዝኽእል እንድሕር ኾይኑ ዓለም ለኸ ማሕበረሰብ ርብርብ ከምዝገብረሉ ርግፀኛ 'የ ኢሎም፡፡



ኣዳም ካሚል

ተመራማሪ ታሪኽ ሓጋዚ ፕሮፌሰር ኣዳም ካሚል ብወገኖም ከምዝገለፅዎ፤ ቑፅሪ ህዝቢ ኢትዮጵያ ልዕሊ 120 ሚሊዮን ከም ዝበፅሐ ኣድላይነት በሪ ባሕሪ ክውስኽ ገይርዎ 'ዩ፡፡ ጉዳይ በዓል ዋናነት በሪ ባሕሪ ኣጀንዳ ሓደ መንግስቲ ዘይኮነስ ድሌት ምልማዕ ህዝብታት ከም ዝኾነ ምግንዛብ የድልይ፡፡

ኬንያ ከይሓወሰ ኣብ ቐርኒ ኣፍሪካ ዘለዉ ሃገራት ድምር ቑፅሪ ህዝቢ ናይ ኢትዮጵያ ይበልፅ ዝበሉ እቶም ምሁር፤ ቑፅሪ ህዝቢ ብዝወሰኸ ቑፅሪ ሃገራዊ ልምዓት ምጥንኻርን ምስተን ኣብ ቀጠና ዘለዋ ሃገራት ጥንኩር ርክብ ንግዲ ምምስራት ናይ ግድን 'ዩ፡፡ ስለ ዝኾነ ድማ ኢትዮጵያ ታሪኽ መሰል ምጥቃም በሪ ባሕሪ ንኽተኽብር እቶም ዘለዉ ሰላማዊ ኣማራፅታት ኹሎም ምጥቃም ይግበኣ ክብሉ ገሊፆም፡፡

ኢትዮጵያ ቕድም ክብሉ ኣብ ዝነበሩ ዓማውቲ በሪ ባሕሪ ንንግድን ርክብ ህዝብን ብሰፊሑ ትጥቀመሉ ከም ዝነበረት ዘዘኻኸሩ እቶም ሓጋዚ ፕሮፌሰር፤ ዝነበራ ዕብየትን ሓያልነትን 'ውን ምስዚ ዝተኣሳሰረ 'ዩ ነይሩ፡፡ ሐዚ 'ውን ከምቲ ዝግበኣ ተጠቃሚት ንክትኾውን ምስ ጎራብቲ ሃገራት ብምትሕብባርን ብምርድዳእን ምስራሕ የድልይ ኢሎም፡፡ ነዚ ድማ ጥንኩር ዲፕሎማሲያዊ ስራሕ ከም ዘድልይ ሓቢሮም፡፡

ከባቢ ቀይሕ ባሕሪ ዓብዪ ትኹረት ምዕራባውያንን ስትራተጂክ ቦታን 'ዩ ዝበሉ እቶም ተመራማሪ፤ ብዋናነት ኣፍቲ ከባቢ ዝፍጠር ምዝራግ ሰላም ኣዝዩ የተሓሳስቦም፤ ቀንዲ ድሌት ኢትዮጵያ ድማ በሪ ባሕሪ ተጠቒማ ምስ ማእኸላይ ምብራቕ ጥንኩር ርክብ ንግዲ ምፍጣር ከም ዝኾነ ብኣግባቡ ምግንዛብ የድልይ ኢሎም፡፡

ኢትዮጵያ ክትለምዕን ሰላም ክትኸውንን ዘይደልዩ ሃገራት ከም ዘለዉ ዘዘኻኸሩ ሓጋዚ ፕሮፌሰር ኣደም፤ ሕቶ በዓል ዋናነት በሪ ባሕሪ ዝሳኻዕ ውሽጣዊ ሓድነትና ኣጠናኺርና ብሓድነት ጠጠው ክንብል ከለና 'ዩ፡፡ ብምኳኑ ድማ እቲ ፈላማይ ዕዮ ገዛና እቶም ዘለዉና ኣፋላላያት ብዘተ ብምፍታሕ ሃገራዊ ሰላም ንክሰፍን ምስራሕን ብሓድነት ጠጠው ምባልን 'ዩ ኢሎም፡፡

መንግስቲ ኣብ ኽይዲ ዘበናት ዝቀያየር 'ዩ ዝበሉ እቶም ተመራማሪ ታሪኽ፤ ጉዳይ በሪ ባሕሪ ናይ ሓደ መንግስቲ ዘይኮነስ ሉኣላውነት ሀገርን ተጠቃምነት ህዝብን ምርግጋፅ 'ዩ፡፡ ስለዝኾነ ብዘይ ኣፈላላይ ብሓድነት ምስላፍ ናይ ግድን ከም ዝኾነ ኣገንዚቦም፡፡

# ተስፋ ዝሓዘለ ፈጠራ ስራሕቲ ዕበ

## መሓዲ ጥበብ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ዕበ ለገሰ ይባሃል ፣ ዕብየቱን ትውልዱን ኣብ ክልል ትግራይ ኸባቢ ሽረ 'ዩ፡፡ ስራሕቲ ፈጠራ ድልየት ቑልዕነቱ 'ዩ ነይሩ፡፡ ናብ ተግባር ፈጣራ ዝኣተወሉ እዋን ኣብ ኸባቢ 90ታት ዓ.ም 'ዩ። ዝንባለ ቴክኒክ ከምዝነበሮ ይዛረብ ፤ዝነበሩሉ ዝነበረ ኸባቢ ናብ ዶብ ቐርብ ዝበለ ስለዝኾነ ነፈርቲ ዝዓርፉሉ ቦታ 'ዩ ነይሩ።፡ ንዓኣተን እናረእኹ ስለዝዓበኹ መጀመርያ ከምተን ነፈርቲ ገይረ ንምስራሕ ብካርቶን 'የ ጀሚረ። እዚ ብካርቶን ዝሰራሕኽዎ ብዓብይ ክስራሕ ከምዝኽእል ሓሳብ መፂእለይ ፡፡ ብዙሓት ናውቲ ብምስብሳብ ብዙሕ ግዜ ፈተነ ገይረ ኣይተሳኸዐለይን ይብል፡፡

ዕበ ኣብ እዋን ቑልዕነቱ ብሰማይ ዝበራ ነፈርቲ እናረኣየ ከምዝዓበየን ብፍላይ ሄሊኮፕተር እንትርኢ ይድነቕ ከምዝነበረ ይገልፅ፤ ካብዚ ግዜ ጀሚሩ ሄሊኮፕተር ናይ ምስራሕ ዝንባለ ከምዝሓደሮ ይዛረብ፡፡ ኣብ ኤሌክትሮኒክስ ዘለዎ ልምዲ ብምዕባይ ቀስ ብቀስ ናይ ሬድዮን ቴሌቪዥን ፅገና ስራሕ ፤ናይ ወርቂ መውፅኢ ማሽን ስራሕን ካልኦት ፀገም ፈተሕቲ ስራሕቲ ፈጠራ ምስራሕ ከምዝጀመረ የረድእ። ካብዚኦም ስራሕቲ ጎኒ ንጎኒ ድልየት ቑልዕነቱን ሕልሙን ዝነበረ ሄሊኮፕተር ምስራሕ ወሲኑ ናይ ተግባር ምቅስቃስ ምግባር ጀሚሩ፡፡

ሓደ ስራሕ ንምጅማር ብጥንቃቀ ምሕሳብን ምውሳንን የድሊ ዝብል ዕበ ፤ድሕሪ ምጅማሩ ድማ ናይ ባዕልኻ ዓቕሚ ንክዝምን ብምግበር እቲ ስራሕ ክሳብ ስኬት ኣጠንኺርካ ምቕፃል ከምዝግባእ ይዛረብ፡፡ ካብዚ ሓሳብ ብምልዓል ድማ ሄሊኮፕተር ንምስራሕ ንመጀመርያ እዋን




ዕበ ለገሰ

ኣብ ኸባቢኡ ካብ ዝርከቡ ናውቲ ንምስራሕ ምሙካሩን በዚ ድማ ልምዲ ከምዝረኸበን ተዛሪቡ፡፡

እዚ ጅማርኡ ዘነቓቕሖ ዕበ፤ ብምቕፃል ድማ ሰብ ተሸኪሙ ዝበርር ሄሊኮፕተር ምስራሕ ከምዝካኣል ብምሕሳብ ብሓድሽ መንፈስ ስራሕ ከምዝጀመረ ይገልፅ፡፡ ነዚ 'ውን ንሄሊኮፕተር መስርሒ ከም ኣታዊ ዘገልግሉ ሞተር፣ ኣልሙኒየም ካልኦት መሳርሕታት ምምላእ ጀሚሩ፡፡ ኾይኑ ግና በዚ መልክዑ ዝሰርሖ ሄሊኮፕተር ሙከራ ኣብ ዝገብረሉ እዋን ኣይተሳኸዐን፤ ተስፋ ከይቆረፀ ኣብ ቀፃሊ ኣማሓይሹ ንምስራሕ ወሲኑ ኣብ ሓፂር እዋን ዝሓሸ ናውቲ ብምጥቃም ምብራር ዝኽእል ሄሊኮፕተር ምስራሕ ከምዝኻኣለ ተዛሪቡ 'ዩ።

ድሕሪ ብዙሕ ልምምድ ንመበል ሻድሻይ ግዜ

**ዕበ ኣብ እዋን ቁልዕነቱ ብሰማይ ዝበራ ነፈርቲ እናረኣየ ከምዝዓበየን ብፍላይ ሄሊኮፕተር እንትርኢ ይድነቕ ከምዝነበረ ይገልፅ**

ዝሰርሓ እዛ ሄሊኮፕተር ንሰለስተ ደቒቓ ዝኣክል ኣብ ሰማይ ምብራር ከምዝኽእል ገሊፁ። እዚኣ ሄሊኮፕተር እንትሰርሕ ኣብ እዋን ኹናትን ብዙሕ ኣፀጋሚ ኩነታት ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ከምዝነበረ ይገልፅ፡፡ በዚ ስርሑ ድማ ኣብ ቐረባ ናይ ኢትዮጵያ ሲቪል ኣቪየሽን ባዓል ስልጣን ዘዳለዎ ውድድር ፈጠራ ሳይንስን ቴክኖሎጂን ቀዳማይ ብምውፃእ ከምዝተሸለመ ተዛሪቡ፡፡ እዚ ድማ ዓብይ ዕድልን ልምድን ከምዝረኸበሉ ይዛረብ፡፡

እዚ ሄሊኮፕተር ካብ ሞተር ወፃኢ ኣብ ውሽጢ ሃገር ካብ ዝርከቡ ናውቲ ከምዝተሰርሐ ዝናገር ዕበ፤ ንሓደጋ ባርዕ፣ መከለኸሊ ኣምበጣ፣ ንሸርሸር፣ ንኣንቡላንስን ካልኦት ግልጋሎት ክውዕል ከምዝኽእል ይገልፅ፡፡ ካብ ኻሊእ ፍልይ ዘብሎ 'ውን እታ ሄሊኮፕተር ምሉእ ብሙሉእ ብናትና ኣቑሑ ዝተሰርሐት 'ያ፡፡ ዝማሓየሸ ነገር ብዙሕ ነገር ኣለዎ 'ዩ እዚ ጅማሮ 'ዩ፡፡ ግና ናብ ዝሓሸ ምዕራፍ ከሰጋግር ዝኽእል 'ዩ፡፡ ኣብ ቀፃሊ ሄሊኮፕተር ኣመሓይሸኻ ንምስራሕን ፀገም ፈተሕቲ ስራሕቲ ንምጥንኻር ሓይሊ ኣየር ሓገዝ ከምዝገብረሉ ቃል ከምዝተኣወሉ 'ውን ገሊፁ 'ዩ።

ንቕድሚት እቲ ስራሕ ብፕሮጀክት መልክዑ ንዝበለፀ ንምስፍሕፋሕን ኣብ ዕዳጋ ንምውዓልን ዝምልከቶም ኣካላት ሓገዝ ንክገብርሉ ከምዝሓተተ ድማ ገሊፁ ፡፡ ንቀፃሊ ትልመይ ሄሊኮፕተር ጥራሕ እንተይኾነስ ካልኦት ፈጠራታት ቴክኖሎጂ ሓዊሱ ኣብ ውሽጢ ሃገር ተመሪቱ ቀፂሉ ድማ ግልጋሎት ንክህብ ምግባር 'ዩ ይብል፡፡

ኽዚ ህይወተይ ዝመርሐሉ ስራሕ ኤሌክትሮኒክስ ፅገና 'ዩ፡፡ በዚ ስራሕ ዝረኸብክዎ ገንዘብ 'ዩ ነዛ ሄሊኮፕተር ዝሰራሕኽዋ፡፡ ካብዚ ዝሓሸ ስራሕ ንክሰራሕ ዓቕሚ የድሊ 'ዩ፡፡

ኣብ ትግራይ ዘሎ መንእሰይ ናብ ዝሓሸ ፈጠራ ንክኣትዉ መጀመርያ ኩነታት ክረጋጋዐሉን ፀጊቡ ክሓድርን ኣለዎ ፤መንግስቲ እዚ እንድሕር ኣስተኻኺሉ ድማ ኣነ ዝተሳተፍኽሉ ፈጠራታት ካልኦት መናእሰይ ንክሳተፉ በጀት ክብጀትን ትኹረት ሂቡ ክንቀሳቐስ ኣለዎ፡፡ ኣነ ፀገም ፈጠራ የብለይን ፤ ኣነ ዘድለየኒ ሓገዛት ድማ ፋይናሻልን ማተርያልን እንድሕር ተማሊኡ ብዙሓት ፀገማት ዝፈትሑ ስራሕቲ ኣብ ኢዱ ከምዘለዉን ንምስራሕ ከምዝተዳለወ ይዛረብ፡፡



# ስፖርት



# ባምላክ ተሰማ ፀወታታት ፅዋዕ ኣፍሪካ ብዋና ዳኛ ክመርሕ 'ዩ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**


መበል 34 ፅዋዕ ኣፍሪካ ብኮትዲቫር ኣሳናዳኢነት ንክጅመር ዓሰርተ ሸውዓተ ማዓልትታት ተሪፈምዎ 'ዮም፡፡ ናይ ስፖርት መራኸቢ ሓፋሽ ዓለም ትኹረቶም በዚ 2030 ፅዋዕ ኣፍሪካ ምግባር ጀሚሮም 'ዮም። ናይቲ ውድድር ኣዳለውቲ 'ውን ብዙሓት ቅድመ ምድላው ብምግባር ናይቲ ውድድር ምጅማር ትፅቢት እናገበሩ ይርከቡ፡፡

ካብቶም ቅድመ ምድላው እቲ ውድድር ዝምርሕዎ ዳያኑን ባዓል ሞያታት ምፍላይ ስራሕ እቲ ሓደ 'ዩ፡፡ በዚ መሰረት ድማ ናይ ኣፍሪካ ኩዕሶ እግሪ ኮምፌዴሬሽን (ካፍ) ኣብዚ ሰሙን እቲ ውድድር ዝመርሕዎ ዳያኑ ዕላዊ ገይሩ 'ዩ፡፡ ኢትዮጵያዊ ኢንተርናሽናል ኣርቢትር ባምላክ ተሰማ ናይ ሎሚ ፅዋዕ ኣፍሪካ ካብ ዝመርሕዎ ዳያኑ ስም ዝርዝር ውሽጢ ኣትዩ 'ዩ፡፡

ኣብ ኣፍሪካ ነባራትን ተፈለጥትን ካብ ዝኾኑ ናይ እግሪ ኩዕሶ ዳያኑ እቲ ሓደ ዝኾነ ኢንተርናሽናል ዳኛ ባምላክ ተሰማ ናይ ሎሚ ፅዋዕ ኣፍሪካ ንምምራሕ ካብ ኢትዮጵያ ብሕታዊ ኾይኑ ከምዝተወለከለ ተረጋጊፁ 'ዩ፡፡ ባምላክ፣ ኢትዮጵያ ካብ እትኾርዓሎም ዓለም ለኸ ዳያኑ እቲ ሓደ እንትኾን ብቡዙሓት ዓለም ለኸ ውድድራት ኢትዮጵያ ብምውካል ብቅዓቱ ዘርኣየ 'ዩ፡፡ እቲ ዳኛ ኮስታራን ፀወታታት እንትመርሕ ዘለዎ ዓርሰ እምነት ዝኣመነሉ ውሳነ ንምውሳን ንድሕሪት ዘይብል ምኳኑ ኣብ ዝሓለፈ ፅዋዕ ኣፍሪካ ካሜሮን ብዝርኣዮ ብቅዓት ኣድናቖት ኣትሪፉ 'ዩ፡፡

እዚ ዓርሰ እምነትን ልዑል ልምድን ካፍ ሎሚ 'ውን ኣብ ኮትዲቫር ካብ ዝመርሑ ዳያኑ ብሕታዊ ኢትዮጵያዊ ዋና ዳኛ ገይሩ ንክምረፅ ገይሩ 'ዩ። ናቱ ምምራፅ ኢትዮጵያ ጥራሕ እንተይኾነተስ ኮምፌዴሬሽን እግሪ ኩዕሶ ኣፍሪካ ካብ ዝተኣማመነሎም ዳያኑ ውሽጢ እቲ ሓደ ከምዝኾነ ዘረጋገፀሉ 'ዩ፡፡ ናብዚ ንክበፅሕ ዝገበሮ ጉዳይ ድማ ብዓለም ለኸን ብሃገር ውሽጢ ዝካየዱ ውድድራት ብቅዓት ዘለዎ መልክዑ ፀወታታት ምምራሕ ብምኽኣሉ 'ዩ፡፡ ኢትዮጵያ ኣብ ናይ ሎሚ ውድድር ከምዘይትሳተፍ ዝፍለጥ ኾይኑ ብዳኝነት ግና ኢንተርናሽናል ዋና ዳኛ ባምላክ ተሰማ ተወኪሉ 'ዩ።

ባምላክ ናይ እግሪ ኩዕሶ ዳኝነት ሓደ ኢሉ ዝጀመሮ ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓ 2003 ዓ.ም እንትኾን ኣብ 2009 ናይ ፊፋ ዳኛ ምኳን ክኢሉ 'ዩ፡፡ ኣብ 2010 ጂቡቲ ምስ ሶማሊያ ዝገበርዎ ፀወታ ብምምራሕ ንመጀመርያ ዓለም ለኸ ተሳትፍኡ ጀሚሩ 'ዩ፡፡ በዚ ዓመት ናይ ሴካፋ ውድድር እንትካየድ ንቁሕ ተሳትፎ



ኢንተርናሽናል ኣርቢትር ባምላክ ተሰማ

ብምግባር ክሳብ ፍፃመ ሓሙሽተ ፀወታታት መሪሑ 'ዩ፡፡ ኣብ 2011 ውድድር ሴካፋ ኣርባዕተ ፀወታታት መሪሑ 'ዩ፡፡ ኣብ 2012 ኣብ ታንዛንያ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ክለባት ቻምፒዮንስ ሊግ ውድድር ናይ መጀመርያ ዙር ብምምራሕ ዓቕሙ ኣሪኡ 'ዩ፡፡ ብተወሳኺ 'ውን ኣብ ግብፂ ዝተኻየደ ኻልኣይ ዙር ክለባት ኮምፌዴሬሽን ፀወታታት 'ውን ምምራሕ ክኢሉ 'ዩ፡፡

ኣብ 2009 ፊፋ ዋና ዳኛ ምኳን ዝኻኣለ ባምላክ ን2014 ዓለም ፅዋዕ ዝተኻየዱ ናይ መጀመርያ ዙር መፃርይ ፀወታታት ብምምራሕ ስርሑ ዝጀመረ እንትኾን ጁቡቲን ናሚብያን ዘካየድዎ ፀወታ መሪሑ 'ዩ፡፡ 2018 ኣብ ራሽያ ኣዳላውነት ዝተኻየደ ፅዋዕ ዓለም ኣፍሪካ ብምውካል ካብ ዝተመረፁ ዋና ዳያኑ እቲ ሓደ ነይሩ፡፡

ካብ ጥሪ 4 ክሳብ ለካቲት 3 ብ ኮትዲቫር ኣዳላውነት ዝካየድ ናይ ሎሚ ፅዋዕ ኣፍሪካ ውድድር እቲ ፅዋታ ካብ ዝመርሕዎ ዋና ዳያኑ እቲ ሓደ ባምላክ ተሰማ ከምዝኾነ ካፍ ዕላዊ ኣብ ዝገበሮ ስም ዝርዝር ኣፍሊጡ 'ዩ፡፡ በዚ ዓብይ ውድድር 68 ዓበይቲ ልምድን ብቅዓት ዘለዎም ባዓል ሞያታት ዘካተተ ካፍ ኣብ ቀረባ ናይ ኣካል ብቅዓትን ዘድልዩ መመዘንትን ብምሃብ ዘዳለዎ 'ዩ፡፡ ዝተመረፁ ዳያኑ ኹሉ ካብ ኣቆፃፅራ ኣውሮፓ 5/2024 ኮትዲቫር ክበፅሑ 'ዮም ዝተብሃለ እንትኾን መነቃቕሒ ስልጠናታት ብምውሳድ እቲ ውድድር ክመርሕዎ 'ዮም፡፡ ትፅቢት ዝግበር ውድድር ብዋና ዳኛ ንምምራሕ ካብ ኣህጉር ኹሉ ክፍልታት ብዋና ፣ብሓጋዚ ፣ብቫር ዳኝነት ዝካተኻተተ እንትኾን ባምላክ ሓዊሱ 26ዋና ዳያኑ እቲ ውድደር ንምምራሕ ተመሪፆም 'ዮም፡፡ ብተወሳኺ 'ውን 30 ሓገዝቲ ዳያኑ 12 ቫር ዳያኑ እቲ ውድድር ንምምራሕ ተፈሊዮም ተኻቲቶም 'ዮም፡፡




ብቤት ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ተሓቲሙ